# አእማደ ምሥጢር



ብናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ሓመረ
ኖህ ኪዳነምሕረት ቤተክርስቲያን
ብቤት ትምህርቲ ሰንበት ንጽህተ ንጹሃን
ማርያም ብክፍሊ ትምህርቲ ዝተዳለወ
ናይሮቢ ኬንያ
2000 ዓ.ም (2007

በስመአብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ አሃዱ አምላክ አሜን!

# ሃይማኖት

**አምነ** ካብ ዝብል ናይ ግእዝ ቃል ሃይማኖት ዝብል ስም ይወጽእ። ናይ ቃሉ ትርጉም ምእማንን ምትእምማንን ማለት እዩ።

ምእማን ማለት ብዓይነ ሥጋ ሪኢኻ በዕዝነ ሥጋ (ብእዝኒ ) ሰሚዕካ፥ ብልቢ ሓሲብካ፥ በስሚዒታዊ ሕዋሳት ኣድሚጽካ ክምርመር ዘይከኣል በርኅቀት (ርሑቅ ኮንካን) በርቀት (ብረቂቅነት) ዘሎን ክኸውን እዩ፥ ክግበር እዩ ኢልካ ምቅባል እዩ።

ምትእምማንን ማለት ድማ ክኸውን እዩ ክግበር እዩ ኢልካ ብእምነት ዝተቀበልካዮ ንክኸውን ንኽፍጸም ብተግባር መልሲ ምሃብ ማለት እዩ። እዚ ኸኣ **ሰብ ብጥምቀት ካብ ሥላሴ ዳግማይ ልደት (ረቂቅ ልደት) ክውለድ ይከኣል እዩ** ኢልካ ድሕሪ ምእማን **ምጥማቅ** ማለት እዩ። ስለዚ ሃይማኖት ክንበል ምእማንን ምትእምማንን (ካብ ኣብነት ዝረአናዮ ብጥምቀት ምእማንን ምጥማቅን ) ማለት እዩ።

- ❖ ሃይማኖት ፈጣርን ፍጡርን ዝራኸብሉ መገዲ እዩ።
- ❖ ሃይማኖት እግዚአብሔር ንደቂ ሰባት ብምግላጹ ዝተረክበ ኣምላኻዊ ህያብ እዩ

ናይ ክርስትና ሃይማኖት ናይ ኣምላኽ ምግላጽ እዩ። እግዚኣብሔር ናብ ወዲ ሰብ ዝገበሮ ጉዕዞ ዝተሓተመሉ እዩ። መሓሪ ኣምላኽና ኣቐዲሙ ብዝሃቦ ተስፋ መሰረት ካብ ኣዴና ቅድስት ድንግል ማርያም ተወሊዱ ድሕሪ ሰላሳ ዘመን ናባይ ንዑ ብኣይ እመኑ ብኣቦይውን እመኑ ኢሉ ንገዛእ ርእሱ ገሊጹልና። **ዮሓ**.14

❖ ሃይማኖት ሓንቲ እያ። **ኤፌ**.4፥-5 << **ሓደ ጐይታ ሓንቲ እምነት ሓንቲ ጥምቀት**>>
**ኤር**.6፥-16 <<**እግዚአብሔር ከምዚ ይብለ ኣሎ ኣብ ጐደናታት ደው ኢልኩም ተመልከቱ እቲ ጥንታዊ መገድታት እቲ ጽቡቕ ጐደና ኣየናይ ምኻኑ ሕተቱ እሞ ብእኡ ተመላለሱ ሽዑ ንነፍስኹም ዕረፍቲ ክትረኽቡ ኢኹም** >> ኣብ መንጎ ሰብን እግዚአብሔርን ዘሎ ርክብ ሓደ ስለ ዝኾነ።

- ❖ ናይ ሃይማኖት ምንጩን ወናኒኡን እግዚአብሔር እዩ።
- ❖ ሃይማኖት ሓደ ጊዜ ካብ እግዚአብሔር ንደቂ ሰባት ዝተዋሃበ ናይ እግዚአብሔር በረከት እዩ እምበር ሰባት ብገዛእ ስምዒቶም ተመሪሖም ዝድንግግዎ ናይ መተሓዳደሪ ሕጊ ኣይኮነን።

ሓዋርያት በታ ሓንትን ቅንዕትን ርትዕትን ዝኾነት ሃይማኖት ጸኒዕና ክንነብር መኺሮምናን ኣምሂሮምናን እዮም። 2**ጢሞ**.3፥-14-17 **እብ**.3፥-14 ፥፥ ከምኡ ኸኣ ቀርበት በጊዕ ተኸዲኖም መጽሓፍ

ቅዱስ ሒዞም ናይ ክርስቶስ ሽም እንዳጸውዑ ካብ ዝመጹ ዝምንጥሉ ተኺሉ ተጠንቀቑ ኢሉ ጐይታና መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ብወንጌል ነጊሩና እዩ። **ማቴ**. 7፡-5፡-23።

ስለዚ ሓሶት ትምህርቲ ካብ ዝምህሩ ሓሰውቲ መማህራን ክንጥንቀቕን በታ ብደም ክርስቶስ ዝተመስረተት ሓንትን ርትዕትን ዝኮነት ኦርቶዶክሳዊት ተዋህዶ ቤተ ክርስትያን ክንጸንዕ ይግበኣና። 1**ይዮሓ**.4፡-1 **እብ**፡-7-9 **ሮሜ**.16፡-17-20 1**ቆሮ**.11፡-13-15

## ቤተክርስቲያን ንምእመናን ትመርሓሎም ሰለስተ ናይ ትምህርቲ መምርሒታት ኣለዋ። ንሳቶም ከኣ፡-

1. ***ዶግማ***
2. ***ቀኖና***
3. **ትውፊት ይበሃሉ** ፥፥

1. ***<u>ዶግማ</u>*** *ቃሉ ናይ ግሪኽ ኮይኑ ትርጉሙ ድማ ብመጠን ብጊዜ ብዘመን ዘይቅየር ዘይመሓየሽ ዘይልወጥ ዘይውሰኾ ዘይቅነሶ ዘይኣርግ ማለት እዩ።* **ገላ**.1፡-20-21 **ማቴ** 24፡-35 **እብ**.13፡-7

**<u>ንኣብነት፡-</u>** *ዓሰርተ ትእዛዛት፥ ሓሙሽተ ኣእማደ ምስጢርን ሽዱሽተ ቃላተ ወንጌል።*

2. ***<u>ቀኖና</u>*** (***ሥርዓት***)፡- *ቃሉ ናይ ግሪኽ ኮይኑ ትርጉሙ ድማ ስርዓት ማለት እዩ፥፥ ናይ ክርስቲያን*
*ሥርዓታዊ ሂወት መለክዒ ኮይኑ ንኽገልግል ናይ ቤተክርስቲያን ኣቦታት ሊቃውንቲ ኣብ ጉባኤ ወይ ብሲኖዶስ ዝውስንዎ ውሳኔ ቀኖና ይበሃል፥ እዚ ኸኣ ብግዜን ብእዋንን* (*ብጉባኤ*) *ብሲኖዶስ ክልወጥ ወይ ክመሓየሽ ይኽእል እዩ።* 1**ቆሮ**.14፡-14 **ቆላ**.21፡-3 2**ይተሰ**.3፡-6

**<u>ንኣብነት</u>**፡- *ጾም ዶግማ እዩ ናይ ጾም ሰዓታት ግና ቀኖና እዩ፡ ሰዓታቱ ክቕየር ይኽእል እዩ። ቅዳሴ ዶግማ እዩ ናይ ቅዳሴ ሰዓት ግና ቀኖና እዩ።*

3. **<u>ትውፊት</u>**፡- *ትውፊት ኣወፈየ ካብ ዝብል ናይ ግእዝ ቃል ዝወጸ ኾይኑ ትርጉሙ ድማ ወራሲ ወይ ምውርራስ ምቅብባል ምርኽኻብ ማለት እዩ። እዚ ድማ ሓደ ወለዶ ቅድም ካብ ዝነበረ ወለዶ* (*ትውልዲ*) *ዝወረሶ ዝርከቦ ወይ ዝቕበሎ ነገር እዩ፥ እቲ ጉዕዞ ድማ ብእኡ ዘብቀዐ ዘይኮነስ እቲ ዝተቐበለ ኸኣ ብተርኡ ንዝመጽእ ወለዶ የመሓላልፍ። ብሓፈሻ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ እናተሰጋገረ ዝቅጽል ማለት እዩ።*

**<u>ትውፊት</u>**

- ❖ *መጽሐፍ ቅዱስ ዝረኸብናሉ መገዲ እዩ፡*
- ❖ *ናይ ቅዱሳት መጽሓፍቲ ቃል ንኸይፋለስ ይሕሉ፡*
- ❖ *ናይ ቅዱሳት መጽሓፍቲ ትርጉም የብርሃልና፡*

*ትውፊት ናይ ሃይማኖት መምርሒ ካብ ምኻኑ ንላዕሊ፥ ብዘይ ትውፊት ብሉይ ምስ ሓድሽ ምውህሃድ ምሥጢር ምስ ምሥጢር ምምሥጣር ኣይከኣልን፡ ከምኡ ኸኣ ታሪኽ ምስ መጽሓፍቲ ምርእኣይ ኣይከኣልን፡*
1**ይ.ነገ**.11፡-41 ናይ ቅፍርናሆም ትምህርቲ **ማር**.1፡-21-22 **ዮሓ**. 20፡-30, 21፡-25 **ፊሊ**.4፡-8-9 2**ይተሰ**.2፡-15 2**ይጢሞ**.3፡-16-17 **ዘጸ**.71፡-11።

ቅዱስ ጳውሎስ **ብ2ይጢሞ**.3፡-8 ከምቲ ኢያኔስን ኢያምበሬስን ንሙሴ ዝተቓወምዎ። ዝብል ኣብ **ዘጸኣት** 7፡-11 ሙሴ ኣይጠቐሶምን ግና ቅዱስ ጳውሎስ ብትውፊት ስለዝረኸቦ እዩ ጠቒስዎ **እብ**.12፡-2 **ማቴ**.2፡-23 **ሉቃ**.6፡-19 **ይሁዳ**8፡-11 3**ይዮሓ**.1፡-14።

ገድላት፡ መጽሓፈ ስንክሳር፡ ናይ ትርጓሜ መጽሓፍቲ ወዘተ ብትውፊት ዝተረከብናዮም መጽሓፍ ቅዱስ ዘብርሁልና ቅዱሳን ጽሑፋት እዮም። እዚኦም መጽሓፍቲ ጻድቃን ሰማእታት ሊቃውንቲ ካብ ብሉይን ሓድሽን ኪዳንን ጥቕስታት ብዓቢ ጥንቃቐን መንፈሳዊ ምርምር፡ ብጸሎት፡ ብጾም፡ ብሱባኤ፡ ጐይታና መድኃኒና ክርስቶስ ንቤተክርስቲያን ብዝሃቦ ሥልጣንን ነጻነትን መሰረት ጽሒፎም እዮም። ናይ ኣዋልድ መጽሓፍቲ ንባብ ዝሐጸረ ኣንዊሖም ንቅዱሳን መጽሓፍቲ ዝተመሰለ ምሳሌ ትርጕሞም የረድኡ። ከምኡ ከኣ ንሕግን ንስርዓትን ፍትሓነገስት ንምስጋናን ጸሎትን፡ ድጓ፡ ጾመድጓ፡ ዓሰርተ ኣርባዕተ መጽሓፍቲ ቅዳሴ መጽሓፈ ሰዓታት የገልግሉ።

## ትውፊት ብሕገ-ልቦና

ናይ ሕጊ መጽሓፍቲ ዝተጸሕፉ ቅድሚ ል.ክርስቶስ 1400 ዓመት ከባቢ እዩ፥፥ ቅድሚ'ዚ ዘመን'ዚ ኣብ ምድሪ ዝነብሩ ቅዱሳን ኣበው ንእግዚአብሔር ኣገልጊሎም መገዶም ምስኡ ጌሮም "ጻድቃን ፍጹማን" ተባሂሎም ንኽብሪ በቒዖምሉ እዮም። እዞም ቀዳሞት ኣበው ካብ ኣቦታቶም ስርዓተ ኣምልኾ ዝተቐበልዎን ንሶምውን ብጊዲኦም ንደቆም ዘውረስዎም ብትውፊት እዩ።

<u>ንኣብነት</u>፡ **ዘፍ**.4፡-4 ኣቤልን ቃኤልን መስዋእቲ ናብ እግዚአብሔር ከምዘቕረቡ ንርኢ ከምኡ ኸኣ ኣብ **ዘፍ**.8፡-20 ኖህ ንእግዚአብሔር መስዋስቲ ከምዘቕረበ ንርኢ፡ ናይ መስዋስቲ ስርዓት ንሊቀ ነብያት ሙሴ ዝተዋህበ ብ1400 ቅ.ል.ክርስቶስ እዩ። ኮይኑ ግን ቅድሚ'ዚ ዘመን ብ4000 ዓመት ኣቐዲሞም ዝነበሩ ኣቤልን ቃኤልን ኖህን ካልኦት ኣበውን መስዋእቲ ንእግዚአብሔር ምቕራቦም ኣብቲ ዘመን ብዛዕባዚ ስርዓት ትምህርቲ ዝህቡ መጽሓፍቲ ኣይነበሩን። ካበይ ረኺቦሞ እንተበልና ግና ካብ ኣብኦምን ኣዲኦም ብትውልዲ ብትውፊት ምኺኑ **"ገድሊ ኣዳም"** ዝተባህለ ናይ ቤተክርስትያን መጽሓፍ ይነግረና።

## ትውፊት ብሓድሽ ኪዳን

**ብይሁዳ** 1፡-8-11 ናይ መላእኽቲ ሓለቓ ቅዱስ ሚካኤል ምስ ድያብሎስ ብዛዕባ ናይ ሙሴ ሬሳ ከምዝተኸራኸረ ይዛረብ። ኣብ ኦሪት ግና ብዛዕባ ናይ ሙሴ ሬሳ ኣብ እምባ ከምዝዓረፈን ከምዝተቐብረን እቲ ዝተቐብረሉ ቦታ ክሳዕ ሕጂ ከምዘይፍለጥን ካብ ምንጋር ሓሊፉ ናይ ቅዱስ ሚካኤልን ናይ ድያብሎስ ክርክር **"እግዚአብሔር ይግናሕካ"** ቅዱስ ሚካኤል ከምዝበሎ ኣይዛረብን። እዚ ግና ካበይ ረኺቡ ይሁዳ ጽሑፉዎ እንተኢሉና ብትውፊት ዝረኸቦ ምኺኑ ይንገር።

**/The Assumption of Mosses/** ኣብ ዝብል መጽሓፍ ከአ ንረኽቦ።
ስለዚ ሓድሓደ ካብ ሓድሽን ብሉይን ንኣብነት ዘቕረብናዮ እዩ እምበር ብዙሕ ክጥቀስ ይከኣል እዩ።

# እግዚአብሔር

እግዚአብሔር ዘይምርመር ረቒቕ ኣብዚ ተረኺቡ ዘይበሃል ቀዳማዊ በዚ ጊዜ ይሓልፍ ዘይበሃል ዳሕራዊ ነዚኣ ዓለም ካብ ዘይምንባር ናብ ምንባር ኣምጺኡ ዝፈጠረ ዳግማይ'ውን ነዚ ዓ ለም ካብ ምንባር ናብ ዘይምንባር ኣሕሊፉዋ ዝነብር ፈጢሩ ዝገዝእ ጐይታ እዩ።

## ሃለዋተ እግዚአብሔር

ሃለዋት ሃለወ ካብ ዝብል ናይ ግእዝ ቃል ዝወጸ ኮይኑ ትርጉሙ ኸኣ ምንባር/ምህላው/ ማለት እዩ። ስለዚ ሃለዋት እግዚአብሔር ማለት ናይ እግዚአብሔር ምህላው/ምንባር/ ንርደኣሉ ትምህርቲ እዩ።

ሰብ ብተፈጥሮ ብዝተዋህቦ ኣእምሮ ኣድቂቑ ናይ ምፍላጥን ናይ ምእማንን ድሌት ዋላ እንተሃለዎ ናይ ሰብ ፍጥረት ብጣዕሚ ውሱን ብምዃኑ እግዚአብሔር ብዝተፈላለየ መገዲ ንገዛእ ርእሱ እንተዘይገልጸ ኔሩ ተማራሚሩ ክፈልጦ ኣይምኸኣለን ኔሩ።

ህልውና እግዚአብሔር ንፈልጠሉ ነገራት ወይ መረዳእታ እዚኦም ዝስዕቡ እዮም።

1. ናይ ፍጥረታት ስነ ስርዓትን ኣሰራርሓ
2. ናይ ኅልና ምስክርነት
3. ናይ ደቂ ሰባት ናይ ተፈጥሮ ድሌት
4. ቃለ እግዚአብሔርን ናይ ታሪኽ ምስክርነትን

## 1. ናይ ሥነ ፍጥረታት ሥነ-ሥርዓት ኣሰራርሓ

ሓደ ዘስተውዐል ሰብ ኣእምሩኡ ተጠቒሙ ንሥነ ፍጥረት ኣስተውዒሉ እንተሪእዎም ዝነግርዎ ነገር ኣሎ። እዚ ኸኣ ፍጥረት ኩሉ ካብ ሓደ ኣካል ምስ ፈጣሪ ዘየቋርጽ ርክብ ከም ዘለዎ ምስትውዓል እከኣል እዩ።
ናይ ፍጥረታት ኣነባብራ ዋላ እንተ ሪእና ብዙሕ ንመሃሮ ነገር ኣሎ፥፥ ንኣብነት፥- ኣራዊት ብመዓልቲ ሰባት ብለይቲ ከመይ ዘይንቀሳቀሱ፥ ብሳይንስ ዝእመን እንኳን ሰብን ኣዝርእትን ዋለ ሓደ ምስምማዕ ከይገበሩ ናይ ሰብ ዝተቃጸለ ኣየር ($CO_2$) ኣዝርእቲ ናይ ኣዝርእቲ ድማ ($O_2$) ሰብ ክጥቀም ከመይ ኪኢሉ? ነዚ ከንብል ከለና ን'ኩሉ ብሥርዓት ዝዘርግሐን ብኪዳኑ ዘጽንዐን ሓደ ኣምላክ ምህላዉ ክንኣምን ንግደድ፥
ክረምትን ሓጋይን፥ መዓልትን ለይትን፥ ብርሃንን ጸልማትን፥ ናይ ሙቐትን (ዋዕን) ቁርን፥ ዝናብ ደበና፥ ልምላሜ ድርቀትን ዘርኢ ተዘሪኡ ስጋብ ዝሕፈስ ኩሎም ጊዜያቶም ሓልዮም ዝንዓዙ ምዃኖም ዘርእየና ሓደ ላዕለዋይ ሓላውን ተቖጻጻርን ምህላዉ እዩ። ከምኡ'ውን ናይወዲሰብ ኣፈጣጥራ ኣወላልድኡ ኣተዓባብይኡ ናይ ሰብነቱ ክፍልታት ሥነሥርዓት ፥ ማለት ብእግሩ ምኻድ፥ ብኢዱ ምድህሳስን ምሓዝን ምስርሑን፥ ብዓይኑ ምርኣዩ፥ ብእዝኑ ምስምዑ፥ ብልሳኑ ምዝራብን ምጥዓሙ፥ ብኣፉ ምብልዑ ምስታዩ፥ ብስኑን ኩርምቱን ምሕያኹ፥ ብኣፍንጭኡ ምሽታቱን፥ እዞም ኩሎም ምፍጣሩ ናይ እግዚአብሔር ናይ ኣፈጣጥራ ሥነሥርዓት የርእየና።

ብዙሕ ሕብረ ቀለም ዘለዎም ፍጥረታት ረቀቕትን ግዙፋትን ፍጥረታት ማራ'ኺ መልክዕ ዘለዎም ዓይኒ ሕልና ዝምስጡ ምልኩዓት ፍጥረታት ኩሎም ፈጣሪ ኣምላ'ኽ፥ እግዚአብሔር ምህላዉ የረድኡና።

**"ሰማያት ክብሪ ኣምላኽ የዘንትዉ ጠፈር ከኣ ግብሪ ኣእዳዉ የውሪ።"** **መዝ**.19፥-1 ብምባል ክብሪ ኣምላ'ኽ ብኣድናቖት ይገልጽ፡ ከምኡ ኸኣ ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ፡ **"እቲ ካብ ፍጥረታት ዓለም ጀሚሩ ብግብሩ ዝፍለጥ ዘይረአ ብህሪይ እዚ ኸኣ እቲ ናይ ዘልኣለም ሓይሉን መለኮቱን (ኣምላ'ኽነቱ) እሱ ብዝፈጠሮም ነገራት ግልጺ ኾይኑ ኣጸቢቑ ይረአ፡ ሮሜ**.1፥-20 ብምባል ፍጥረታቱ ናይ እግዚአብሔር ህላዌ መረዳእታ ምዃኑ ይገልጽ። **ኢዮ**.12፥-7-10 **ግ.ሓ**.14፥-17።

## 2. <u>ሕገ ልቦና (**ናይ ሕልና ምስክርነት**)</u>

ነፍሲ ወከፍ ሰብ ፋላጥ ከም ምኻኑ መጠን ኣብ ሕልንኡ ዝተቀርጸሉ ሕጊ ኣሎ፥፥ ካብ ሓድሽ ዝተወልደ ህጻን ጀሚርና እንተሪኢና ብኢዱ ንዓይኑ ኣየንቁርን እዩ፥ በቲ ከብዲ ኢዱ ጌሩ ይሓስዩ እምበር። ከምዚ ኩሉ ሕግታት ኣብ ደቂ ሰባት ሕልና ተቀሪጾም ወይ ከኣ ኣብ ልቦና ተጻሒፎም ኣለዉ። ዝኾነ ሰብ ምቅታል ምስራቕ ዝኣመሰሉ ክፉእ ተግባራት ምዃኖም ይፈለጥ እዩ።

እንተፈጺምዎም ከአ ከምዝተጋገየ ይፈልጥ እዩ። እዚ ኸአ ሕልንኡ እንዳኸሰሶ ክጭነቅ ይገብሮ። ስለዚ ሓደ ሰብ ብዝተዋህቦ ሕልና ከአ ክፉእን ጽቡቕ ተግባራት ናይ ምፍላይ ክእለት ኣለዎ። ስለዚ ሰብ ካብ ሕልንኡ ብምብጋስ ጽቡቕ ይሰርሕ ካብ ክፉእ ተግባራትውን ይርሕቕ ናይ ሕልንኡ ምኽሪ ነጺጉ ክፉእ ነገር እንተ ጌሩ ግና ብሕልንኡ ኩሉ ጊዜ እንዳተፈርደ ወይ እንዳተጣዕሰ ይነብር፡ ሕልንኡ ይወቅስ ማለት እዩ። ካብዚ ንርዳእ ንጽቡቕ ኮነ ንኽፉእ ከከም ስርሑ ዋጋ ዝኽፍል ከየዳለወ ዝፈርድ ልዕሊ ኹሉ ዝኾነ ሓደ ኣምላኽ ምህላዉ እዩ፥፥ **ሮሜ**.2.14፡-15 **"እቶም ሕጊ ዘይብሎም ኣህዛብ ሕልናኦም እንዳመስከረሎም ሓሳቦም'ውን ነንሕድሕዱ እንዳተኻሰሰ ወይስ እንዳተኸላኸለ እቲ ግብሪ ሕጊ ኣብ ልቦም ጽሑፍ ምዃኑ ይርእዩ ኣለዉ እሞ ነቲ ኣብ ሕጊ ዘሎ ብባህሪኦም ተረዲኦም ካብ ዝገብርዎስ ንሳቶም ሕጊ እንተዘይብሎም እኳ ንርእሶም ሕጊ እዮም።"**

**1ይመጽ.መቃ**.6፡-10-13 **ብዛዕባ ኣንጥያኮስ ዝተባህለ ንጉስ ንረኽቦ እዚ ንጉስ ናይ ሃይማኖት ሕጊ እንተዘይነበሮ እኳ ናይ ሰባት ክፉእ ስራሕ ዝብቀል ወይ ከአ በቲ ክፉእ ስርሑ ዝቐጽይ ሕጊ ዓቢ ሓይሊ ዘሎ ምዃኑ ብዘይምፍላጥ ናይ ተፈጥሮ ሕጊ ወይ ናይ ተፈጥሮ ዳኛ ማለት ሕልንኡ ከምዝገለጸሉ ክንርዳእ ንኽእል።**

## 3. <u>ናይ ደቂ ሰባት ናይ ተፈጥሮ ድሌት</u>

ሰብ ብተፈጥርኡ ደላይ ሓገዝ እዩ፥ **እዚኦም *ነገራት* እንተዝህልዉኒ** ኢሉ ዝተመነየም ኩሉ ዋለ እንተረኸበ ካልእ ዝምነዮ ኣይስእንን እዩ። እዚ ኸአ ጎደሎን ሓጋዚ ዘድልዮ ዘድልዮ ዝጐደሎ ዝመልኣሉ ሓጋዚ ከምዝደሊ የረጋግጸልና። ዋላ ንእግዚአብሔር ተዘይፈለጦን እንተዘይኣመኖን እኳ ኩሉ ግዜ ኣብ ናብራኡ እቲ ዘይደክምን ዘይስዓርን ዝደለኻዮ ዝህብ ሓጋዚ ወይ ኣምላኽ ይደልይ እዩ። ነዚ ኸአ ሰብአ ኣቴና ኣምላኽ ከም ዘድልዮም ተፈጥርኦም ስለዘገደዶም ምምላኽ ደልዮምን ብትኽክል ምፍለጥ ምስከበዶም << **ንዘይተፈልጠ ኣምላኽ** >> **ግ.ሓ**.17፡-22-34። ዝብል ጽሑፍ ጺሒፎም ከምልኹ ዝጀመሩ ቅዱስ ጳውሎስ ከአ ነዚ ምስረኣየ ነቲ ዘይፍለጥ ኣምላክ ዝበልዎ ኣፍሊጥዎም።

ስለዚ ዝተፈላለዩ ናይ ዓለም ክፍልታት ዝርከብ ሰብ ኩሉ ዋላ እኳ ናይ ኣምልኾ ሥርዓቱ ይፈላለ እምበር ሓደ ኣምላኽ ምህላዉ ይኣምን እዩም። ስለዚ ሰብ እግዚአብሔር ምህላዉ (ሃለዋቱ) ዝኣምን ናይ ሃይማኖት መጽሓፍቲ ኣንቢቡ ጥራሕ ዘይኮነ ብተፈጥሮ ሰሚዑ ድሌቱ ወይ ዝንባሌኡ ስለዝደፋፈኦን'ውን እዩ።

## 4. <u>**ቅዱስ *መጽሓፍ***</u>

ቅዱስ መጽሓፍ ስርሑ ዝጅምር **እግዚአብሔር ብመጀመርታ ሰማይን ምድርን ፈጠረ**። **ዘፍ**.1፡-1 ብዝብል እዩ። ስጋብ መፈጸምታ ከአ ነዚ የረድእ፡፡ ኣብ ውሽጢ መጽሐፍ ቅዱስ ዝተፈላለዩ ትንቢታት ተነጊሮም እዮም፥ እዞም ዝተነግሩ ትንቢታት'ውን በብጊዜኡ ዝተፈጸሙ ምዃኖም ብታሪኽ ዝተረጋገጸ እዩ። ንመጻኢ'ውን ዝበጽሕ ኩነታት ኣቐዲሞም ክዛረቡ ብዝተፈላለዩ መገዲ ንነብያት ዝግለጸሎም እግዚአብሔር እዩ። እግዚአብሔር ዝነበረ ዘሎን ዝነብርን እዩ። ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ እግዚአብሔር ህልውና ዘረጋግጹ ጥቕስታት **መዝ**.10፡-4 **መዝ**.14፡-1 **"ዓሻ ብልቡ ኣምላኽ የልቦን ይብል"**፥፥

# ናይ እግዚአብሔር ባህርይ (ጠባያት)

ባህርይ ማለት ናይ ሓደ ነገር መንነት ዝገልጽ ቃል እዩ። ናይ እግዚአብሔር ጠባይ ክበሃል ከሎ ድማ ኣብ ናይ እግዚአብሔር ባህርይ ውሽጢ ዝግለጹ ኩነታት ዘመልክት እዩ። ናይ እግዚአብሔር ባሕርይ ንነግር እሱ ብዝገለጸልና ውሑድ እዩ።

እግዚአብሔር ረቂቕ ኣምላኽ እዩ። ሰብ΄ውን ናይ እግዚአብሔር ጠባይ ንምፍላጥ ዘለዎ ክእለት ብጣዕሚ ውሱን እዩ፥ ብኣና ብውሱን ኣሰተሓሳስባ ናይ እግዚአብሔር ባህርይ ምምርማር ኣይከኣልን ። 1**ይቆሮ**.13፥-12፥፥
እዚ ከኣ ናትና ሕልና ክስከሞ ዘይክእል ባሕርይ ኣልይዎ ጥራሕ ዘይኮነ ሰብ ክርድኦ ዝኽኣሎ ጥራሕ እኳ ክገልጸሎ ዝኽልእ ቋንቋ ስለዘይብሉ እዩ። << **ኣቱም ፍቁራተይ ሕጂ ውሉድ ኣምላክ ኢና እንታይ ከም እንኸውን ከአ ገና አይተገለጸን ክርስቶስ ምስ ዚግለጽ ግና ከምታ ዘለዋ ክንርእዩ ኢና እሞ ንዕኡ ከም እንመስል ንፈልጥ ኢና**። >> 1ይ.ዮሓ.3፥-2 ብምባል ናይ እግዚአብሔር ባሕርይ ንሰብ ዝተዳለወ ክብርን ቅድሚ ዕለተ ምጽኣት ካብ ልዕልንኡ ዝተላዕለ ንባሕርይ እግዚአብሔር ምፍላጥ ከምዘይከኣል ገሊጹሉና እዩ። ቅዱስ ጳውሎስ'ውን ናይ እግዚአብሔር ባሕርይ ንዕኡ ብዝተገለጸሉ ምሥጢር ካብ ቋንቋ ምሕጻር ዝተላዕለ ክገልጾ ከምዘይከኣለ << **ክንገር ዘይከኣል ሰብ ኪዛረቦ ዘይተፈቅደሉ ነገር ሰምዐ**። >> 2ይ.**ቆር**.12፥-4፥ ብምባል ገሊጹልና እዩ።

ናይ እግዚአብሔር ባህርይ /ጠባያት/ ኣብ ትሕቲ ክልተ ሓፈሻዊ ኣርእስቲ ተኸፊሉ ክንርእዮ ንኽእል፥፥

1. ናይ *መጀመርታ* ሓፈሻዊ ኣርእስቲ ናይ እግዚአብሔር ህልውና ዘመልክቱ እዮም። ኣብዚ ትሕቲ እዚ ኣርእስቲ ዝጠቓለሉ ናይ እግዚአብሔር ባህርይ /ጠባያት/ ሰብኣዊ ፍጡር ክህልዎ ወይ ክንገረሉ ዘይክእል ናይ እግዚአብሔር ናይ ባህርይ ገንዘቡ ጥራሕ እዮም። ንሳቶም ከኣ፥-

## 1.1 እግዚአብሔር ውሱንነት የብሉን፥-

ንእግዚአብሔር ዋላሓደ ነገር ዝውስኖ የለን ። ንሱ ካብ ውሱንነትን ህጸጽን ዝረሓቐ እዩ፥፥ ብዘይ ሓደ ዕቑባን ውሱንነትን ፍጹምነት ናቱ እዩ፥፥ ብባህርይ ውሱንነት የብሉን፥ **ኢዩ**.36፥-26 **“ንዕቤት ኣምላኽ ክንርደኦ ኣይንኽእልን ኢና፥ ንቁጽሪ ዓመታቱ ኸኣ ክንጽብጽቦ ኣይንኽእልን ኢና“** ***መዝ***.136፥-6 ***መዝ***.145፥-3 145፥-5 **ኢሳ**.40፥-17

## 1.2 እግዚአብሔር ብገዛእ ርእሱ ዝነብር እዩ

እግዚአብሔር ብገዛእ ርእሱ ዝነብር ኮይኑ ፍጥረታቱ ግና ብእግዚአብሔር ኣቢሎም እንተዘይኮይኖም ብገዛእ ርእሶም ክነብሩ ኣይክእሉን፥ እግዚአብሔር ዝነበረን ዘሎን ዝነብርን እዩ።**ዮሓ**.5፥-26 **“ከምቲ ነቦ ናይ ባዕሉ ሂወት ዘለዎ ወልድውን ናይ ባዕሉ ሂወት ክህልዎ ሃቦ**»።

## 1.3 እግዚአብሔር ናይ ማንም ረድኤት ወይ ሓገዝ ዘድልዮ ኣይኮነን፥፥

እግዚአብሔር ናይ *ማንም* ሓገዝ ወይ ረድኤት ዘየድልዮ ኣምላኽ እዩ። 2**ይመቃ**.14፥-35 ***መዝ***.50፥-12 **ኢሳ**.40፥-13-14 ***ግ.ሓ***.17፥-25 **ሮሜ**.11፥-34 ***መዝ***.113፥-4-8 **ኢሳ**.57፥-15

## 1.4 እግዚአብሔር ዘልኣለማዊ እዩ

እግዚአብሔር ብዘመናት ዝቑጻር መጀመርታን መወዳእታን ዘይብሉ ዘልኣለማዊ እዩ። ናይ ግዜን ናይ ዘመናትን ፈጣሪ ንሱ እዩ፥፥ ግዜ ዝውስን ንሱ ጥራሕ እዩ። ***መዝ***.90፥-2 ***መዝ***.90፥-4 ***መዝ***.102፥-12፥ ***መዝ***.102፥-25-27 ***መዝ***.145፥-12 **ኢሳ**.44፥-6 1**ይጢሞ**.1፥-17 2**ይጴጥ**.3፥-8 ***ራእ***.1፥-8

## 1.5 እግዚአብሔር ኣይልወጥን እዩ

እግዚአብሔር ብውሳኔ ዝጸንዕ፥ ዝበሎ ብገብር፥ ብውሳኔኡ ከም ሰብ ዘይጠዓስ ኣምላኽ እዩ። ቃል ኪዳኑ ዝሕሉ ጻድቕ ናይ ባህርይ ኣምላኽ እዩ። **ሚል**.3፥-6 **ማቴ**.24፥-35 **ሮሜ**.5፥-8 **ሮሜ**.11፥-29 **ያዕ**.1፥-17 **ዘኍ**.23፥-19።

### 1.6 **እግዚአብሔር ኣብ ኩሉ ቦታ ዝርከብ እዩ፥፥ /ምሉእ በኩለሄ/**

እግዚአብሔር ኣብ ኩሉ ዓለም ምሉእ እዩ፥፥ ኣብዚ ኣሎ ኣብዚ የለን ወይ ኣብቲ ኣሎ ኣብቲ የለን ኣይበሃልን ። ኣብ ሰማይ ይነብር ምባልና ስለክብሩ ስለ ልዕልንኡ እምበር፥ ንሱ ብቦታ ኣይውሰንን እዩ። 1**ይነገ**.8፥-27 **መዝ**.139፥-7-10 **ኢሳ**.66፥-1 **ኤር**.23፥-23-24

### 1.7 **ንእግዚአብሔር ምሉእ ብምሉእ ምፍላጥን ምርኣይን ኣይከኣልን**

እግዚአብሔር ምሉእ ናይ ባህርይ መንፈስ ስለዘለዎ ክረኣይ ወይ ምሉእ ብምሉእ ክፍለጥ ኣይከኣልን፥ ንእግዚአብሔር ዝመስል ከቶ ምንም ነገር የለን ።

እግዚአብሔር መንፈሳዊ ኣካል ዘለዎ ምኻኑ እኳ እንተኣመና እዚ ናይ እግዚአብሔር ኣካል ግን እዚ ይመስል እዚ ይኣክል፥ ወይ ከምዚ ዝበለ እዩ ንምባል ኣይንኽእልን ንምግማት እኳ እንተፈተንና ንምርኣይ ግን ኣይከኣልን ። ንእግዚአብሔር ክርኢ ዝደሊ ሰብ ክረአ ዘይከኣል ንምርኣይ ምድላይ ናይ እግዚአብሔር ጠባይ ዘይምፍላጥ እዩ። ንእግዚአብሔር ዋላሓደ ዝረኣዮ ሰብ ከምዘየለ ጐይታና ኣምላኽና መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣረጋጊጹልና እዩ። **"ነቦ ኸኣ መን ምኻኑ ብዘይ ወድን ወዲ ኸኣ ክግለጸሉ ዝፈተወን እምበር ሓደ እኳ ዝፈልጦ የልቦን" ሉቃ**.10፥-22

ኣብ ውሽጢ ቅዱሳት መጽሓፍቲ እግዚአብሔር ኣምላኽ ዝተራእዮም ወይ ዝተገልጸሎም ተባሂሎም ካብ ዝተጠቕሱ ቅዱሳን ሰባት ኩሎም ብመለኮታዊ ኣካሉ ኮይኑ ዝረኣዮ ዋላሓደ የለን ። ኮይኑ ግና ኣብ ዝተፈላለየ ኩነታት ምሳሌነቱ ርእዮሞ እዮም። ንምጥቃስ ዝኣክል ፥-

- ❖ ንኣብርሃም፥ ከም ሰብ ኮይኑ ተራእይዎ **ዘፍ**.18
- ❖ ንሙሴ፥ ብሓዊ ነበልባል መልክዕ **ዘጸ**.3
- ❖ ንኢሳይያስ፥ **ኢሳ**.6
- ❖ ንዳንኤል፥ ብራእይ ብሽማግለ ሰብ **ዳኒ**.7፥-13-14

## <u>ምስ ፍጥረቱ ዘለዎ ርክብ ናይ እግዚአብሔር ባህርይ /ጠባያት/</u>

ናይ እግዚአብሔር ግርማን ልዕልናን ብስርሑ ይግለጹ እዮም።

### 1. **እግዚአብሔር ኩሉ ይፈልጥ እዩ፥**

እግዚአብሔር ንኹሉ ስለዝፈልጥ ካብኡ ዝተሰወረ ነገር የለን ። ዝሓለፈን ዝኾነን ዝመጽእን፥ ዘይተነገሩ ሓሳባትን ቃላትን ተግባራትን ቅድሚ ምኻኖም ኣቐዲሙ ይፈልጥ እዩ።

### 2. **እግዚአብሔር ጥበበኛ እዩ፥**

ናይ እግዚኣብሔር ጥበበኛነቱ ንኹሉ ነገር ምስ ምፍላጡ ዝተተሓሓዘ እዩ። ንሱ ንርእሱ ጥበብን ዓዳሊ ጥበብ እዩ። **መዝ**.104፥-24 **ምሳ**.2፥-6 **ዳኒ**.2፥-21 **ሮሜ**.16፥-27 **ኤፌ**.3፥-10 **ያዕ**.1፥-5

### 3. ንእግዚአብሔር ኩሉ ይከኣሎ እዩ፥

እግዚአብሔር ኩሉ ዝከኣሎ ኣምላኽ ስለዝኾነ ዝሰኣኖ ነገር የለን ። ናይ እግዚአብሔር ኩሉ ከኣሊነት ከኣ ኣብ ልዕሊ ኩሉ ነገር እዩ። ኣብ ሰማይ ኮነ ምድሪ ንሱ ዝደለዮ ንኽገብር ዝእግዶ ዋላ ሓደ ነገር የለን ። **ዘፍ**.18፥-14 ***መዝ***.135፥-6 **ኢሳ**.40፥-12-14 **ኤር**.32፥-17 **ሉቃ**.1፥-37 **ኤፌ**.3፥-20

### 4. እግዚአብሔር ቅዱስ እዩ፥

እግዚአብሔር ቅዱስ ስለዝኾነ ኣብ ስርሑ ኩሉ ክፍኣትን ርኽሰትን የብሉን ንጹህን፥ ፍጹምን፥ ለዋህን እዩ፡፡***ዘዳ***.3፥-4-5 **ዘጸ**.15፥-11 **ዘሌ**.19፥-2 **ዘጸ**.7፥-6 1**ነገ**.9፥-3 ***መዝ***.99፥-5 **ዮሓ**.17፥-19 1**ይጴጥ**.1፥-16

### 5. እግዚአብሔር ጻድቕን ፍርዱ ቅኑዕን እዩ፥

ቅኑዕ ፍርዲ ዝህብ ጻድቕ ይበሃል። እግዚአብሔር ከኣ ጻድቕን ፍርዱ ቅኑዕ እዩ። ***መዝ***.7፥-11 ***መዝ***.9፥-8 ***መዝ***.93፥-13 ***መዝ***.145፥-17 **ሮሜ**.11፥-33 2**ቆሮ**.5፥-10 2**ይጢሞ**4. 8. 1**ጴጥ**.1፥-17

### 6. እግዚአብሔር ፍጹም ለዋህ እዩ፥

ናይ እግዚአብሔር ለውሃቱ፥ ቅዱስነቱ፥ ፍቕሩ፥ ርህራሄኡ፥ ሓቀኛ ፍርዲ ጸግኡን ከምኡ ኸኣ ንፍጥረቱ ብዝገብሮ ሓለዋ እዩ። ነዚ መግለጺ ኸኣ ዓለም ካብ ዘይምንባር ናብ ምንባር ኣምጺኡ ዝፈጠረ ካብ ለውሃቱ ዝተላዕለ እዩ። ብፍላይ ንወዲ ሰብ ብኣርኣይኡን ብኣምሳሊኡን ፈጢሩ ፍጹም ነጻነት ዘለዋ፥ ለባዊት፥ ህያዊት፥ ነባቢት ነፍሲ ብምሃብ ጸግኡ ዓዲሉና። ዳግማይ'ውን ፍጥረት ሰብ ካብቲ ዝወደቐሉ ናይ ሞትን መርገምን ፍርዲ ንኽድሕኖ እቲ ሓደ ወዱ በጃ ኹሉ ፍጥረት መስዋእቲ ኮይኑ ንፍጥረት ሰብ ናብ ናይ ቀደም ክብሩ ምምላሱ ናይ እግዚአብሔር ለውሃት የርእየና። ***መዝ***.31፥-19 ***መዝ***.33፥-5 ***መዝ***.34፥-8 ***መዝ***.104፥-27 ***መዝ***.108፥-4 ***መዝ***.118፥-1 ***መዝ***.33፥-11 **ሲራ**.5፥-4 **ዮሓ**.3፥-16 1**ጢሞ**.2፥-4 2**ይጴጥ**3፥-9።

### 7. እግዚአብሔር ተኣማንን ሓቀኛን እዩ፥

እግዚአብሔር ሓቀኛ፥ ዘይጠልም እሙን ኣምላኽ እዩ። **ዮሓ**.3፥-3 ***መዝ***.25፥-10 **ዘፍ**.23፥-19 1**ይዮሓ**.11፥-29 2**ይጢሞ**.21፥-13 **ቲቶ**.1፥-2 **እብ**.6፥-16-18።

### 8. ናይ እግዚአብሔር መለኮታዊ ሓለዋ፥

ኣብ ሰማይ ኮነ ኣብ ምድሪ ብዘይ ናቱ ፍቓድ ብዘይ ናቱ ሓለዋ ወይ ብዘይ ናቱ ትእዛዝ ዓቢ ይኹን ንእሽቶ ፍጻሜ ኣይትትግበርን እያ፥ ብናቱ ጥበብ ኩሉ ይኸውን ይግበር፥ ብኣጋጣሚ ወይ ሃንደበት ብዕድል ብስምምዕ ወይ ግዴታ ዝኸውን ነገር የለን ። ኩሉ ብፍቃደ እግዚአብሔር እዩ ዝኸውን ። **ማቴ**.10፥-30 ***መዝ***.135፥-6 **ኢሳ**.45፥-7 **ዳኒ**.4፥-35 **ኣሞ**.3፥-6 **ግሓ**.17፥-26 **ሮሜ**.11፥-36።

### 9. እግዚአብሔር መንፈስ እዩ፥

እግዚአብሔር መንፈስ እዩ ክንብል ከለና ዝርው ዝተበተነ ማለት ኣይኮነን። ረቂቕ መንፈሳዊ ኣካል ዘለዎ ኣካላዊ እዩ። ንግዙፍ ኣካል መስፈርቲ ዝኾንዎ ዓቕን፥ ግዝፈት፥ ክብደት፥ ዝኣመሰሉ ንእግዚአብሔር ዘይንገረሉ ረቂቕ ኣምላኽ እዩ፡፡ **ዮሓ**.4፥-24 2**ይቆሮ**.3፥-17።

## ናይ እግዚአብሔር ኣስማት

ብግእዝ ናይ ፈጣሪ ስሙ እግዚአብሔር እዩ። ትርጉሙ ከአ ኣብ ክልተ ይኽፈል፦

1. **እግዚአ**፦ ማለት ጐይታ ክኸውን ከሎ
**ብሔር** - ማለት ድማ ግዝኣት ወይ ዓለም ማለት እዩ። ናይ ክልቲኡ ቃላት ትርጉም ክጠቓለል ከሎ ናይ ዓለም ወይ ግዝኣት ጐይታ፥ ገዛኢ ወይ ኣመሓዳሪ ማለት ይኸውን ። እዚ ኣበሃህላ ግና ጽብብ ብዝበለ መልክዕ ዝረአ ዘይኮነ ዝረኣይን ዘይረኣይን ዓለም ዘጠቓልልን ንኹሉ ፍጥረት ዝሓዘን ናይ ኩሉ ገዛእን ፈጣርን ካብ ምዃኑ ኣንጻር ዝተዋህበ ትርጉም እዩ። ***እብ**.11፥-1-3*

2. **እግዚ**፦ - ማለት ጐይታና መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ
**ኣብ**፥ ማለት እግዚአብሔር ኣብ (አቦ)
**ሔር**፦ ማለት ድማ ንደቂ ሰባት ጸጋ ዝዕድል መንፈስ ቅዱስ እዩ።

ስለዚ እግዚአብሔር ማለት ናይ ኣብ፥ ናይ ወልድ፥ ናይ መንፈስ ቅዱስ ስም ማለት እዩ።

ናይ ኣምላኽና ስሙ ክቡር፥ ግሩን፥ ቅዱስን ዝተመስገነን እዩ፧፧ **ሚል**.2፥-2 **ህዝ**.39-፥7 **መዝ**.134፥-1-3 **ፊሊጲ**.2፥-9። ስለዚ ስሙ ዝጽዋዕ ብጸሎት፥ ብምስጋና ኣብ ልመና ኣብ እዋን ትምህርቲ እዩ። ስም እግዚአብሔር ጥራሕ ዘይኮነ ንሱ ዝቐደሶም ናይ ቅዱሳን መላእኽትን ናይ ቅዱሳን ስም እኳ ብከንቱ ምጽዋዕ ግቡእ ኣይኮነን። **ዘጸ**.20፥-7

ኣብ ውሽጢ መጽሓፍ ቅዱስ ካብ ዝተጠቐሱ ናይ እግዚአብሔር ኣስማት ዘተወሰኑ ንምጥቃስ

<u>**ኤል**</u>፦ ብእብራይስጥ ሓያል ኣምላኽ ማለት እዩ። ኤልሻዳይ ካብ ዝብል ቃል ዝወጸ ክኸውን ከሎ ትርጉሙ ድማ ኩሉ ዝኽእል ኣምላኽ ማለት እዩ፧፧

<u>***ያህዌ***</u>፦ ናይ እብራይስጥ ቃል እዩ። ኣብ **ዘፍ**.22፥-14 ያህዌ ይርኢ ይብል፧፧ ትርጉሙ ከአ እግዚአብሔር ይርኢ ማለት እዩ፧፧ ያህዌ ማለት ዝነበረ፥ ዘሎን፥ ዝነብርን ማለት እዩ። **ዘጸ**.3፥-14፧፧

<u>**ኣዶናይ**</u>፦ ማለት ኣብ መዝሙረ ዳዊት ኣብ ነብያት መጽሓፍቲ ጐይታና ተባሂሉ ተተርጉሙ እዩ። ***መዝ***.33፥-23፧፧ ኣብ **መዝሙረ ዳዊት** 118፥-3 ኣብ ሰቆቃ ኤርሚያስ ዝተጠቐሱ 22 ናይ እብራይስጥ ፊደላት ናይ እግዚአብሔር ኣስማት እዮም።

## <u>ሥነ ፍጥረት</u>

እግዚአብሔር ብፍልጠቱ ዝፈጠሮ ብቑዕ፥ ንቑሕ ዘኾነ ስም ፍጥረት ዝፈጠረሉ ኩነታትን ሥርዓ ትን ንመሃረሉ ትምህርቲ ሥነፍጥረት ይበሃል። እዛ እንርእያ ዓለምን ኣብ ውሽጣ ዘሎ ኩሉ፥ ካብዚ ዝረአ ዓለም ወጻኢ ዘለዉ ዘይረኣዩ ዓለማት ኣብ ውሽጦም ዘለዉ ኩሎም ረቀቕቲ ፍጥረታት ብእግዚአብሔር ተፈጢሮም፧፧ **ዘፍ**.1፥-1 **መዝ**.101፥-25 **ኢሳ**.66፥-1-2 **እብ**.111፥-3። እግዚአብሔር ነዛ ዓ ለም ዝፈጠራ (እምሃቦ ኣልቦ) እዩ። ካብ ዘይምንባር ናብ ምንባር ኣምጺእዋ፧፧
**መዝ**.33፥-9 2**ይመቃ**.14፥-10 **ጠቢቡ ሰሎ**.11፥-18 **ግሓ**.17፥-24 **እብ**.111፥-3 **መዝ**.148፥-5

እግዚአብሔር ንፍጥረታት ዝፈጠረሎም ምኽንያት፦ ሰብን መላእኽትን ስሙ ንምምስጋንን ንምቕዳስ፥ ክብሩ ንምውራስን ክኾኑ ከለው፥ እቶም ካልኦት ፍጥረታት ግን ንኣንክሮ፥ ንተዘክሮ፥ ንመግቢ እዩ። **መዝ**.148፥-1-73 **ራእ**.4፥-11 **ግሓ**.14፥-17 **ሮሜ**.1፥-20።

እግዚአብሔር ንኹሎም ፍጥረታት ፈጢሩ ዝወደአ ኣብ ውሽጢ 6 መዓልቲ እዩ። **ዘጸ**.20፥-9-11፥፥ እዞም ኣብዘን ሽዱሽተ መዓልትታት ዝተፈጠሩ ፍጥረታት ነፍሲ ወከፎም እንተዝቖጸሩ ፍጡር ተዛሪቡ ወይ ቆጺሩ ክውድኦም ኣይክእልን፥ ኮይኑ ግን ብባህርይ ብኣነባብራ ኣብ 22 ይምደቡ **ኩፋ**.3፥-9 ።

እዚኦም ፍጥረታት ዝተፈጠሩ ብሰለስተ (3) መገዲ እዩ

1. ብኣርምሞ (ብስቕታ)፥- ኣርባዕተ ባህርያተ ስጋ፥ ጸልማት፥ መላእኽቲ፥ ሰማያት
2. ብነቢብ (ብምዝራብ)፥- ብርሃን፥ ህዋ፥ እንስሳት፥ እጽዋት
3. ብገቢር (ብምስራሕ)፥- ሰብ

# ናይ ሽዱሽተ መዓልቲ ፍጥረታት

## ናይ ዕለተ ሰንበት ፍጥረታት

እግዚአብሔር ኣብ መጀመርታ መዓልቲ ሸሞንተ ፍጥረታት (እምሃበኣልቦ) ፈጠረ፥ ንሳቶም ከኣ - ሓዊ፥ ንፋስ፥ ማይ፥ መሬት፥ ሓመድ፥ ጸልማት፥ ሰማያትን መላእኽቲ ብርሃን እዮም። **ዘፍ**.1፥-1

ሓዊ ንፋስ ማይ መሬት (ሓመድ) ባህርያተ ሥጋ ይበሃሉ።

### ሸውዓተ ሰማያት፥-

| | |
|---|---|
| 1 | ጽርሓ አርያም |
| 2 | መንበረ መንግሥት |
| 3 | ሰማይ ውዱድ |
| 4 | ኢዩሩሳሌም ሰማያዊት |
| 5 | ኢዮር |
| 6 | ራማ |
| 7 | ኤረር |

1. **ጽርሓ አርያም**፥- ልዕሊ ኩሉ ሰማያት እያ። ንመንበረ መንግስት ከአ ከም ህዋ ተገልግል ።

2. **መንበረ መንግሥት**፥- እግዚአብሔር ብዝፈተዎ ንፍጡራቱ ዝግለጸሉ እዩ። ንኢሳይያስ፥ ንህዝቅኤል፥ ንወንጌላዊ፥ ዮሓንስ ንጉስ መሲሉ ተራእይዎም እዩ። **ራእይ** 2 **መዝ**.11፥-4 ንሰማይ ውዱድ ከም መሰረት ጌሩ ሰሪሕዋ ።

3. **ሰማይ ውዱድ**፥- ኣብ ልዕሊ ኪሩቤል ተዘርጊሑ ንመንበረ መንግስት ከም ኣዳራሽ ወለል ኮይኑ ዘገልገል እዩ። **ህዝ**.1፥-22 **ህዝ**.26። እዚ ሰማይ ናይ እግዚአብሔር ናይ ዙፋኑ መርገጺ እዩ።

4. **ኢየሩሣሌም ሰማያዊት**፥- ቀዲሙ ሳጥናኤል ዝተፈጠረላ ዳሕራይውን ኣብ ዕለት ምጽኣት ጽቡቐ ዝሰርሑ ሰባት ዝወርስዋ ናይ ክርስቲያን ርስቲ እያ። **ገላ**.4፥-26 **እብ**.12፥-22 **ዮሓ**.14፥-2 ዓሰርተ ክልተ ማዕጾ/በሪ ኣለዋ፥ ናይቲ ማዕጾብርሃን ንዓይኒ ብጣዕሚ ዝስሕብ እዩ፥ ናይ ብርሃን ዓንዲ / ኣእማድ/ ኣብ በቦትኡ ደው ኢሎም ኣለዉ። ኣብ ሳልሳይ መስርዕ ኣብ

ክንዲ ከዋኽብቲ ብርሃን ተዘሪእዋ ይርከብ። ናይ ብርሃን መጋረጃ አለዋ ። ናይ 12 ሓዋርያት ስም ኣብ መሰረታታ ኣብ ልዕሊኡ ተጻሒፉ ይርከብ።

5. **ኢዮር፥ ራማ፥ ኤረር፦** ናይ ዓለመ መልኣኽቲ መንበሪ እዮም።

## ቅዱሳን መላእኽቲ

መልኣኽቲ እምሃበ ኣልቦ ወይ ከአ ካብ ኣምላኻዊ ብርሃን ተፈጢሮም። ኣብ ቅዱሳን መጽሓፍቲ ንመግሊ ግብሮም፥ ብሓውን ብንፋስን ተመሲሎም እዮም፨ **መዝ** 104፥-4 **እብ**.1፥-7። ብሓውን ብንፋስን ምምሳሎም ንፋስ ፈጣን (ቅልጡፍ) ሓዋ ከኣ ብሩህ ስለዝኾነ ፨ መላእኽቲውን ብሩሃነ አእምሮ እዮም።

ናይ መላእኽቲ ባህርይ

- መላእኽቲ ብፍጥረቶም ረቀቕቲ ስለዝኾኑ ስጋን ኣዕጽምትን የብሎምን ኣይበልዑን ኣይሰትዩን፥ **ሉቃ**.24፥-39።
- መላእኽቲ ጾታ የብሎምን፥ ኣይዋሰቡንውን ። **ማቴ**.22፥-30
- መላእኽቲ ቁመቶም መልከዖም ሓይሎም ንምፍላጥ ኣይከኣልን ረቀቕቲ እዮም። ከድሕኑ ወይ ክረድኡ ኣብ ዝደለይሉ ብመንእሰይ ብኣረጋዊ /ሽማግለ/ ተመሲሎም ይረኣዩ።

## ክብሮም ዘይሓለዉ መላእኽቲ

ናይ መላእኽቲ ሓለቓ ዝነበረ ሳጥናኤል ንገዛእ ርእሱ ኣምላኽነት ብምድላዩ ብትዕቢት ተዋሪዱ ክወድቕ ከሎ ደገፍቱን ተኸተልቱን ዝነበሩ መላእኽቲ ኩሎም ሓቢሮም ወደቑ። ክብሮም ተገፊፉ ድሕሪ ምድርባዮም ወይ ምውዳቖም ድያብሎስ ዝብል ስም ተዋሂብዎም። ብእብራስጥ ሰይጣን ብጽርእ ድያብሎስ ማለት ክኸውን ከሎ ትርጉሙ ድማ ተቓዋሚ ተሰናኻላይ ማለት እዩ።

ሰይጣን ኩሉ ግዜ ንሰባት ይፍትን ። ናብ ክፉእ ይመርሕ ካብ መጀመርታ ጀሚሩ ቀታሊ ነፍሲ እዩ፨ **ዮሓ**.8፥-44 ሰይጣናት ንእግዚኣብሔር ስለዘይእዘዙን ፥ ብንስሓ ምምላስ ስለዘይደልዩን ናብ ዘልኣለማዊ ፍርዲ ናብ ጸልማት ተደርብዮም። **ኢሳ**.14፥-12-15 **ራእ**.12፥-9 **ይሁ**.1፥-6 ። ንምእመናን ንምፍታን ምቅዋምን ምግጋይን ቀንዲ ስርሖ እዩ። መልከዖም እንዳለዋወጡ ክቃወሙ ይነብሩ። **ኢዩ**.1፥-6 **ሉቃ**.22፥-3 **ግሓ**.5፥-3 **1ቆሮ**.11፥-14 **1ጴጥ**.5፥-8-9።

### ናይ ሰኑይ (ካልኣይ መዓልቲ) ሥነ ፍጥረት

ኣብ ካልኣይ መዓልቲ እግዚኣብሔር ንማይ ናብ ላዕልን ናብ ታሕትን ከፊሉ ኣብ ማእከል'ውን ጠፈር ገበረ። ነቲ ጠፈር ሰማይ ኢሉ ጸወዖ እቲ ኣብ ላዕሊ ዝተረፈ ማይ ከኣ ኃኖስ ይበሃል። **ዘፍ**.1፥-6-8።

### ናይ ሰሉስ (ሳልሳይ መዓልቲ) ሥነ ፍጥረት

እግዚኣብሔር ኣብ ሳልሳይ መዓልቲ ሰለስተ ፍጥረታት ፈጠረ። ንሳቶም ውን

- ብምሳር ዝቖረጹ እጽዋት (ኣእዋም)
- ብማዕጺድ ዝዕጸዱ ኣዝርእቲ
- ብኢድ ዝልቀሙ ኣትክልቲ እዮም። **ዘፍ**1፥-9-13።

## ናይ ረቡዕ (ራብዓይ መዓልቲ) ሥነ ፍጥረት

አብ ዕለተ ረቡዕ እግዚአብሔር ሰለስተ ፍጥረታት ፈጢሩ፦ ንሳቶም ከኣ ጸሓይ፥ ወርሒ፥ ከዋኽብቲ እዮም። **ዘፍ**.14፥-17።

እዚኣቶም ከአ ንዕለታት/መዓልታት/፥ ንሳምንታት፥ ንወርሓት፥ ንዓመታትን ንክፍለ ዘመናትን መፍለጥን መፍለይን ንክኾኑ ፈጢርዎም።

## ናይ ሓሙስ (ሓሙሻይ መዓልቲ) ሥነ ፍጥረት

በዚ መዓልቲ እግዚአብሔር ዝፈጠሮም ፍጥረታት ብእግሪ ዝኸዱ፥ ብክንፊ ዝበሩ፥ ብኸብዶም ዝሰሓቡ፥ ኣብ መሬት ዝነብሩ ብደመ ነፍሲ ሂወት ህያዋን ዝኾኑ ፍጥረታት እንስሳታት ፈጢሩ።

## ኣብ ዕለተ ዓርቢ (ሻዱሻይ መዓልቲ) ሥነ ፍጥረት

ኣብ መጨረሽታ ኣጋእዝተ ዓለም ሥላሴ ንሰብ ብመልክዕና ከም ኣምሳልልና ንፍጠር ኢሎም ብዕለተ ዓርቢ ወጋሕታ ኣርባዕተ ባህርያተ ስጋ፥ ሰለስተ ባህርያተ ነፍሲ፥ ኣዋሂዶም ንኣዳም ወዲ 30 ዓመት ጌሮም ፈጠርዎ።

## ኣብ ሻብዓይ መዓልቲ ቀዳም

እዛ መዓልቲ እዚአ እግዚአብሔር ኩሉ ፍጥረታት ድሕሪ ምፍጣሩ ካብ ኩሉ ስርሑ ዘዕረፈላ መዓልቲ እያ። ስለዚ እዚኣ መዓልቲ ዕለተ ሰንበት ኮይና ክትከብር ሥጋዊ ስራሓት ከይሰርሑላ እግዚአብሔር ኣዚዙ።

## ናይ ወዲ ሰብ ኣፈጣጥራን ክብሩን

እግዚአብሔር 22 ፍጥረታት ድሕሪ ምፍጣሩ ኣብ ዕለተ ዓርቢ ወጋሕታ ንሰብ ብመልክዕና ከም ኣምሳልና ኢሉ፥ ሰለስተ ባህርያተ ነፍሲ ምስ ባህርያተ ሥጋ ኣወሃሃዱ ፈጢርዎ። **ዘፍ**.1፥-26-27።

ብእግዚአብሔር ኣምሳል ተፈጢሩ ማለት ብንጽህንኡ፥ ብቅድስንኡ፥ ብህያውነቱ፥ ናይ እግዚአብሔር ክቡር ፍጥረት ኮይኑ ኣብ ልዕሊ ኩሉ ፍጥረታት ምድሪ ገዛኢ ምዃን እዩ።

ኣዳም ማለት እዚ ተሪፉዎ ዘይበሃል ምልኩዕ ማለት እዩ። ከምኡ ኸኣ ካብ መሬት ምፍጣሩ የመልክት፥፥ ሰብ ሸውዓተ ባህርያት ኣለዎ። ንሳቶም ከኣ፦

ሰለስተ ባህርያተ ነፍሲ፦ ለባዊት /ዝሓስብ/፥ ነባቢት /ዝዛረብ/፥ ህያዊት /ዘልኣለማዊት/፥ ኣርባዕተ ባህርያተ ሥጋ፦ ማይ፥ መሬት፥ ሓዊ፥ ንፋስ እዮም።

ሰብ ዋላ ረቂቅ ነፍሲ እንተሃለወቶ መልኣኽ ኣይኮነን። ግዙፍ ኣካል ዋላ እንተሃለዎ ከአ እንስሳ ኣይኮነን። ሥጋ'ውን መዋትን ብምዃኑ ካብ መልኣኽ ይፍለ እዩ። ለባዊት፥ ነባቢት፥ ህያዊት ነፍሲ ዘለዎ ብምዃኑ ድማ ካብ እንስሳ ይፍለ እዩ።

እግዚአብሔር ኣዳምን ሄዋንን ድሕሪ ምፍጣሩ ብዝሐ ተባዝሑ ንምድሪ ኸኣ ምልእዋ ኢሉ ዝመረቖም ምርቓ ክሰብ ዕለተ ምጽኣት ክትጸንዕ እያ። **ግሓ**.17፥-26 **ኢዩ**.10፥-8-10 **ዘፍ**.1፥-26-28 **ኤር**.1፥-5 ።

አዳም ምስ ተፈጥረ ኣብ 8ይ መዓልቲ ንግሆ ሰዓት 9 ኣጋእዝተ ዓለም ሥላሴ ኣዳም በይኑ ክኸውን ኣይግበኦን ሓጋዚት ንግበረሉ ኢሎም ንኣዳም ድቃስ ኣምጽኡሉ። እግዚአብሔር ኣምላኽ ካብ ጎኒ ኣዳም ሓንቲ ዓጽሚ ብምውሳድ ስጋ መሊኡ ጓል ኣንስተይቲ ጌሩ ሰርሓ። ኣዳም ከኣ ስማ ሄዋን ኢልዋ ። ሄዋን ማለት ናይ ህያዋን ኩሉ ኣደ ማለት እያ። **ዘፍ**.21÷-18-23 ።

ካብ ጎኑ ምፍጣራ ወድን ጓልን /ሰብኣይን ሰበይትን/ ሓደ ኣካል ምዃኖምን ናይ ወዲ ሰብ ዘርኢ ኩሉ ካብ ሓደ ዘርኢ ጉንዲ ዘርኢ ምርካቡ የመልክት፥፥ እግዚአብሔር ንሄዋን ስለ ሰለስተ ነገራት ፈጢርዋ፥

1. ሓጋዚት ክትኮኖ
2. ዘርኢ ንምትካእ
3. ካብ ፍትወት ንኽሕልዎን እዩ ።

ሰብ ካብ ፍጥረታት ኩሉ ዝኸበረ እዩ። **መዝ**.49÷-12 ነዚ መረጋገጺ ኸኣ ፥-

1. ፍጥረታት ኩሉ ድሕሪ ምፍጣሩ ስለ ዝተፈጥረ
2. ብእግዚአብሔር መልክዕን ኣምሳልን ስለዝተፈጥረ
3. ኣብ ልዕሊ ምድሪ ዝነብሩ ፍጥረታት ብምሉኦም ገዛኢ ኣዛዚ ኮይኑ ብምፍጣሩ
4. ካልኦት ፍጥረታት ብኣርምሞ ብነቢብ ክፍጠሩ ንሱ ጥራሕ ብቅዱሳን ኣእዳዉ ስለዝሰርሖ (ስለዝፈጠሮ) ። **ኢዩ**10÷-8 **ዘፍ**.2÷-7።

ናይ ሰብ ሞት ናይ ነፍስን ናይ ሥጋን ምፍልላይ እዩ፥፥ ነፍስን ሥጋን ብሞት ኣብ ዝፈላለዩሉ እዋን ናብ መቓብር ይወርድ። ነፍሲ ግና ዘይትመውት ስለዝኾነት ከምስርሓ ኣብ ገነት ወይ ኣብ ሲኦል ትጸንሕ ዳሕራይውን ብትንሣኤ ዘጉባኤ ነፍሲ ካብ ዘላቶ መጺኣ ንሥጋኣ ኣብ መቓብር ተዋሂዳ ትትንሥእ። ፍርዳውን ከምስርሓ ድሕሪ ምቕባላ ኣብ መንግስተ ሰማያት ወይ ኣብ ገሃነም እሳት ብኣጸደ ነፍሲ ንዘልኣለም ትነብር። "**መሬት ድማ ከምቲ ዝነበሮ ናብ ምድሪ ክይተመልስ፥ መንፈስውን ናብቲ ወሃቢኡ ኣምላኽ ክይተመልሰ ብመዓልትታት ንእስንትካ ንፈጣሪኻ ዘክሮ**" **መክ**.12÷-7።

## ናይ ሰብ ነጻ ፍቓድን ኣወዳድቓን

ሰብ ብተፈጥርኡ ነጻ ፍቓድ ኣለዎ። ጽቡቕ ኮነ ክፉእ ናይ ምግባር ነጻ ፍቓድ ኣለዎ። **ዘፍ**.2÷-17 **ዘዳ**.30÷-15-20 **ሲራ**.15÷-15-17።

ሰብ ጽቡቕን ሕማቕን ፈልዩ ዝፈልጥን ዘመዛዝነሉ ኣእምሮ ተዋሂብዎ እዩ። ሰብ ግን ናይ እግዚአብሔር ሕጊ ሓልዩ ንፈጣሪኡ ተኣዚዙ ምንባር ገዲፉ ንሰይጣን ምእዛዝ መሪጹ. **ጠቢቡ ሰሎሞን**.13÷-16 እዚ ሐጥያት ከአ ናይ ውርሲ ሓጢኣት ኮይኑ ንዘርኡ ኩሉ ተሓላለፈ። **ሮሜ**.5÷-12-14። ናይ ኣዳም ሓጢኣት ናይ መጀመርታ ስለዝኾነ ጥንተ ኣብሶ /ናይ መጀመርታ በደል/ ይበሃል።

ሰብ ብሓጢኣት ድሕሪ ምውዳቑ ካብ ገነት ወጸ፥ ውሉድነት ሰኣነ። ጸግኡ ተገፊፉ ንጽህንኡውን ስኢኑ። ኣዳም ናይ እግዚአብሔር ትእዛዝ እንተዝሕሉ ኔሩ ናይ ዘልኣለም ሂወት ምሃለዎ ኔሩ። ኮይኑ ግና ናይ ፈጣሪኡ ትእዛዝ ብምጥሓሱ ሞተ ሥጋን ሞተ ነፍስን ተፈሪድዎ። **ሮሜ**.6÷-23።

❖ ❖ ❖

# አእማደ ምሥጢር

ብሥጋዊ ዓይኒ ንእግዚአብሔር ምርኣይ ብውሱን ኣእምሮ ሐልዎተ እግዚአብሔር ምምርማር ኣይከኣልን እዩ:: እግዚአብሔር ግና እሱ ብዝፈተዎ መጠን ንኣቦታትና ቅዱሳን ነብያትን ሓዋርያትን ኣእምርኦም ብዝርድእዎ መጠን ብብዙሕ ኣብነትን ብብዙሕ ጉደናታት መንነቱ ገሊጽሎም እዩ:: እብ.1፥-2:: ነዚ መሰረት ብምግባር ካብ ቀደምት ሓዋርያት ቀጺሎም ዝተንሥኡ ሊቃውንቲ ቤተክርስቲያን ሓሙሽተ ኣእማደ ምሥጢራት ኣርቂቆም ተርጊሞም ኣውሪሶምና እዮም:: ቅድስቲ ቤተክርስቲያን ንደቃ ከኣ ኣእማደ ምሥጢራት ተምህሮም::

## ሓሙሽተ አእማደ ምሥጢር

| | |
|---|---|
| 1 | ምሥጢረ ሥላሴ |
| 2 | ምሥጢረ ጥምቀት |
| 3 | ምሥጢረ ሥጋዌ |
| 4 | ምሥጢረ ቁርባን |
| 5 | ምሥጢረ ትንሣኤ ሙታን እዮም። |

**ትርጉም ምሥጢር ብቤተክርስቲያና**

ምሥጢር ብጥረ ትርጉሙ ዝተሰወረ፥ ሕቡእ፥ ንናይ ልቢ ፈታዊኻ እንተዘይኮይኑ ንካልእ ዘይንገር ማለት እዩ:: ቅድስቲ ቤተክርስቲያን ካብ ኢአማኒ (ዘይኣምኑ) ትሓብኦን ትስውሮን፥ ለአማንያን (ንኣመንታ) ጥራሕ ትህቦን ትፍጽሞን ሥርዓት ምሥጢር ይብሃል።

## አእማደ ምሥጢር ንምንታይ ምሥጢር ተባሂሎም፥፥

ምሥጢር ናይ ግሪኽ ቃል ክኸውን ከሎ ዝተሰወረ ሕቡእ ማለት እዩ። ሓሙሽተ ኣእማደ ምሥጢራት ምሥጢር ዝተባህልሉ ምኽንያት፥-
ኣእማደ ምሥጢራት እዚ ኅቡእ ስም ክረኽቡ ዝኸኣሉ ብሓፈሽዑ ብዓይነ ሥጋ ስለዘይረኣዩ ብኢድ ስለዘይድህሰሱ ኣምላክ ብዛዕባ ሓድነቱን ሰለስቱነቱን፥ ሥጋ ምልባሱ፥ ብዛዕባ ዳግማይ ምጽኣቱ ስለዝዛረቡ እዮም።

- ብስጋ ጥበብ ተመራሚርካ ምርዳእ ስለዘይከኣል።
- ንዝኣመኑ እምበር ንዘይኣምኑ ሰባት ዝተሰወረ ምኽኑ።

**ንምንታይ ኣእማድ ተባሂሎም፥ ንምንታይ ከ ሓሙሽተ ኮይኖም ፥-**

ኣእማድ ተሸካሚ ዓንዲ ማለት እዩ፥፥ ንምንታይ ኣእማድ ተባሂሎም ንክርስትና እምነት ዓንዲ ስለዝኾኑ፥፥ ኣእማደ ሚሥጢራት ናይ ቤተክርስቲያን ናይ እምነት መሰረት ዝኾኑ ትምህርቲ ስለ

ዝሐቆፉ ልቦናና ካብ ኑፋቄ ካብ ጥርጥር ዘድሕኑ እዮም፡፡ ዓንዲ ዘይብሉ ገዛ (ቤት) ኩሉ ከምዝወድቕ ኣእማደ ሚስጢራት ዘይኣመነ ዘይፈለጠ ሰብ እንተኾይኑ ይወድቅ፡፡

ዓንዲ ቤተክርስቲያና ምኻኖም እዚኦም ንርእዮም ጥቅስታት የረድኡና፦

❖ ብስም ኣብን ወልድን መንፈስቅዱስን እናኣጥመቅኩም ዝዓዘዝኩኹም ኩሉ እንዳመሃርኩም ደቒ መዛሙርተይ ግበርዎም። **ማቴ**.28፥-20
❖ ቃል ሥጋ ኮነ ጸጋን ሓቅን መሊእዎ ኣባና ኃደረ፡፡ **ዮሓ**.1፥-14።
❖ዝኣመነን እተጠመቀን ኪድኅን እቲ ዘይኣመነ ግና ኪኹነን እዩ። **ማር**.16፥16።
❖ ሥጋይ ዝበልዔ ደመይ ዝሰተየ ናይ ዘልዓለም ሕይወት ኣለዎ። **ዮሓ**..6፥-54።
❖ ትንሣኤን ሕይወትን ኣነ እየ። **ዮሓ**.11፥-25።

ሓደ ሰብ ኣብዚ ዓለም ክነብር ከሎ ሓሙሽተ ኣእማደ ምሥጢራት ብዝግባእ እንድሕር ተማሂሩ ኣብ ውሽጢ ሕይወቱ ዋለ ከቢድ ፈተና እካ እንተኣጓነፎ ካብ እምነቱ ፈጺሙ ንቅንቅ ኣይብልን እዩ። እዚኦም ትምህርቲ ምስ ዓጽመ ደሙ ተዋሂዶም ናይዚ ዓለም ፈተና ንኽጻወር ይገብርዎ። ኣቡኡን ኣዲኡን እንተሞትዎ ብናይ ሥላሴ ኣቦነት ይጸናናዕ። ጽቡቕ ብምግባሩ ፈተናን ውርደትን ዋላ እንተኣጋጠሞ ኣምላኽ ሰብ ኮይኑ ዝበጽሖ ፈተና ብምዝካር ይጸናናዕ። ተስፋ ዘቁርጽ ነገራት ዋላ እንተኣጋጠሞ ካብ እግዚአብሔር ስለዝተወልደ ንዓለም ይስዕራ። (ረኀበ ነፍስ) ነፍሱ እንተጠመየት ቅዱስ ሥጋን ይበልዕ ክቡር ደሙን ናይ መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ይሰቲ። ብምኽንያቱ እምነቱ ዋላ ክንቀትለካ ኢና እንተበልዎ ትንሣኤ ዘጉባኤን /ትንሣኤ ሙታንን/ ተስፋ ይገብር። እዚ ብምኳኑ ቅድስቲ ቤተክርስቲያን ሰብ ካብ ኅልና እግዚአብሔር ከይርሕቅ ምስ እግዚአብሔር ብእምነት ጸኒዑ ክነብር እዚኦም ኣእማደ ሚሥጢራት ተምህሮም። በዚኦም ዓንዲ ዝተደገፈ ንጹላእቱ ኣጋንንቲን መናፍቃንን ይስዕሮም።

❖ ❖ ❖

# 1. ምሥጢረ ሥላሴ

<u>ሥላሴ፦</u> ናይ ግእዝ ቃል ክኸውን ከሎ ሰለስትነት ማለት እዩ። እግዚአብሔር ሓደ ክኸውን ከሎ ሰለስተ፥ ሰለስተ ክኸውን ከሎ ሓደ እዩ፡፡ እዚ ናይ እግዚአብሔር ሰለስትነት ፍሉይ ሰለስተ እዩ፡፡ ሰለስተ ጥራሕ ተባሂሉ ደው ስለዘይብል ሰለስተ ክኾኑ ከለዉ ሓደ'ውን እዮም። ስለዚ እግዚአብሔር ናይ ሓድነት ሰለስትነት ወናኒ ብምኳኑ ሥላሴ ይበሃል።

## ናይ እግዚአብሔር ሓድነት

እግዚአብሔር ሓደ እዩ ክንብል ከለና ብመለኮት፡ ብባህሪይ፡ ብኣገዛዝኣ፡ ብሥልጣን፡ ብህልውና ( ህላዌ )፡ ብምፍጣር፡ ብልቢ፡ ብቃል፡ ብእስትንፋስ፡ ነዛ ዓለም ብምፍጣርን ብምሕላፍን እዩ።

- ❖ ብምፍጣር **መዝ** 102፥-25፡ **ዘፍ** 1፥-1፡ **ኢሳ** 6፡-1-2።
- ❖ ብሥልጣን **ዮሓ**.10፥-30 "**ኣነን ኣቦን ሓደ ኢና**"
- ❖ ብመለኮት፥ መለኮት ማለኩት ካብ ዝብል ናይ እብራይስጥ ቃል ዝተረኸበ ክኸውን ከሎ ግዝኣት ማለት እዩ። እዚ ኸኣ ንእግዚአብሔር ጥራይ ዝተዋህበ እዩ። **ቆላ** 2፥-9፡ **1ይ.ጴጥ**1፥-3።

❖ ብህልውና ( ህላዌ )፦ ምህላው ማለት እዩ ምብላጽ ምብልላጽ ምቕዳም ምቅድዳም የብሉምን፥፥ **ዮሓ** 1፥-2፡ **ዮሓ**.14፥-10።

## ናይ እግዚአብሔር ሰለስነት

እግዚአብሔር ብስም ብኣካል ብግብሪ ሰለስተ እዩ። ሰለስተነት፦ ኣብ ፥ ወልድ ፥ ወመንፈስ ቅዱስ እዩ። **ማቴ** 28፥-19።

❖ **<u>እግዚአብሔር ኣብ</u>**፦ ካብ ዘልዓለም ስጋብ ዘልዓለም ካብ ሰለስተ ኣካላት ናይ ሓደ ናይ ኣብ ስም እዩ፥፥ *1ይ.ጴጥ*.1፥-2፡ **ዮሓ**.3፥-16።

❖ **<u>እግዚአብሔር ወልድ፦</u>** ካብ ዘልዓለም ስጋብ ዘልዓለም ካብ ሰለስተ ኣካላት ናይ ሓደ ወልድ ስም እዩ፥፥ ወልድ ሰብ ኣብ ዝኾነሉ ጊዜ ብዝተፈላለየ ስም ተጸዊዑ እዩ።

❖ ኢየሱስ፦ መድኃኒት ማለት እዩ **ማቴ** 1፥21

❖ ክርስቶስ፦ መሲሕ (ንጉስ) ማለት እዩ።

❖ ኣማኑኤል፦ እግዚአብሔር ምሳና እዩ ማለት እዩ። **ማቴ** 1፥-23 **ኢሳ** 7፥-14

## እግዚአብሔር ወልድ ኣምላኽ ምዃኑ ዘረድኡ ጥቕስታት፦

**ኢሳ** 9፥-6። **ዮሓ** 1፥-1። **ዮሓ** 1፥-14። **ዮሓ** 4፥-42። **ዮሓ** 20፥-9። **ዮሓ** 20፥-28። **ግ ሓዋ** 20፥-28። **ሮሜ** 10፥-12። **ራእይ** 1፥-8። **ራእይ** 22፥-12-13።

❖ **<u>እግዚአብሔር መንፈስ ቅዱስ</u>** ካብ ዘልዓለም ስጋብ ዘልዓለም ሰለስተ ኣካላት ናይ ሓደ መንፈስ ቅዱስ ስም እዩ፥፥

❖ መንፈስ ቅዱስ ብዝተፈላለየ ስም ይጽዋዕ፥፥

❖ መንፈስ **ዘፍ** 1፥-2፡ **ኢሳ** 48፥-16፡ **ዮሓ** 3፥-5፡ **1ይ ቆረ** 12፥-4፡

❖ ናይ እግዚአብሔር መንፈስ **ኢሳ** 61፥-1።

❖ ጰራቅሊጦስ ( ኣጸናንዒ፥ መጽናንዒ) እንዳተባህለ ይጽዋዕ። **ዮሓ**.14፥-16-17፡ **ዮሓ**.15፥-26 **ዮሓ**.16፥-7።

❖ መንፈስ ሓቂ ። **ዮሓ** 15፥-26።

ብሓፈሻኡ ሥላሴ ብስም ሰለስትነት እንተሃለዎም እቲ ሓደ በቲ ሓደ ስም ክጽዋዕ ኣይከኣልን እዩ።

## ናይ ኣካል ሰለስትነት፦

❖ ንኣብ ፍጹም ገጽ ፍጹም መልክዕ ፍጹም ኣካል ኣለው።

- ❖ ንወልድ ፍጹም ገጽ ፍጹም መልክዕ ፍጹም ኣካል ኣለው።
- ❖ ንመንፈስ ቅዱስ ፍጹም ገጽ ፍጹም መልክዕ ፍጹም ኣካል ኣለው።

መንፈስ ቅዱስ ኣካላዊ እዩ። ሓደ ሓደ መንፈስ ቅዱስ ኣካል ዘለዎ ዘይኮነ ከም ሓዊ ሙቀት ዘለዎ ናይ እግዚኣብሔር ሓይሊ እዩ ይብሉ። ቤተክርስቲያንና ነዚ ትቃወም እያ፥ መንፈስ ቅዱስ ከም ኣብን ከም ወልድን ኣካላዊ ምኻኑ ትምስክር እያ።

*<u>መንፈስ ቅዱስ ኣካላዊ ምኻኑ ዘብርሁ መርትዖታት</u>*

1. ምስ ኣብን ምስ ወልድን ምጥቃሱ፥ **ማቴ** 28፥-19 **"ኪዱሞ ንኩሎም ኣህዛብ ብስም ኣብን ወልድን ወመንፈስ ቅዱስን እናኣጥመቕኩም ዝኣዘዝኩኹም ኩሉ ክሕልዉ ኸኣ እናመሃርኩም ደቂ መዛሙርተይ ግበርዎም። "**

2. ክርስቶስ ካልእ ኣጸናንዒ ( ዘጸናንዕ ) ኢሉ ናይ መንፈስ ቅዱስ ምውራዱ ብምግላጽ **ዮሓ** 16፥-7 **ዮሓ** 14፥-16። ጐይታና መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ክጥመቕ ከሎ ኣብ ልዕሊኡ **ማቴ** 3፥-16፡ **ሉቃ** 3፥-22። ኣብ ሓደ ቦታ እግዚኣብሔር ተባሂሉ ዝተጠቕሰ ኣብ ካልእ ቦታ ከኣ መንፈስ ቅዱስ ምባሉ ናይ መንፈስ ቅዱስ ኣካላዊነትን እግዚኣብሔር ንርዳእ።
**ዘፍ**.1፥-27፡ **ዘጸ**.17፥7፡ **ኢዮ**.33፥-4፡ **ኢሳ**.6፥-8-9፡ **ግ.ሓዋ**.1፥-24፡ **ሮሜ**.9፥-16፡ **እብ**.3፥-7።

## ናይ ሰለስትነት ግብሪ፥-

- ❖ ናይ ኣብ ግብሩ ( ምውላድን ምስራጽን) ወላድን ኣስራጽን
- ❖ ናይ ወልድ ግብሩ ይውለድ
- ❖ ናይ መንፈስቅዱስ ግብሩ ምስራጽ እዩ።

ኣብ ንወልድ ወሊዱ ንመንፈስቅዱስ ኣስሪጹ ወልድ ተወሊዱ መንፈስቅዱስ ሰሪጹ
ኣብ ንወልድ ወሊዱ ማለት፥- ካብ ኣካሉ ካብ ባህርይኡ ንኽርከብ ጌርዎ ማለት እዩ።
<u>ኣብነት</u> ፥- ናይ ሰብ ነፍሲ ልብነት( ምሕሳብ) ንቃልነት ክርክብ ከምዝገብር

ወልድ ካብ ኣብ ተወሊዱ ማለት ንኣብ ኣኺሉን ንኣብ መሲሉ ካብ ኣብ ተረኺቡ ማለት እዩ።
<u>ኣብነት፥-</u> ናይ ነፍሲ ቃልነት ካብ ልቢ ከምዝርከብ

ኣብ ንመንፈስቅዱስ ኣስሪጽዎ ማለት ካብ ኣካሉ ካብ ባህሪይኡ ንኽርከብ ጌርዎ ማለት እዩ።
**<u>ኣብነት፥-</u>** ናይ ነፍሲ ልብነት እስትንፋስነት( ሂወትነትን) ክርከብ ከምዝገበረ

መንፈስቅዱስ ካብ ኣብ ሰሪጹ ማለት ንኣብ ኣኺሉ ንኣብ መሲሉ ካብ ኣብ ተረኺቡ ማለት እዩ።
**<u>ኣብነት፥-</u>** ናይ ነፍሲ እስትንፋስነት ካብ ልቢ ከምዝርኸብ

እግዚኣብሔር ብኣካል ብገጽ ሰለስተ ብመለኮት ሓደ ምኻኑ ዝገልጹ ናይ ቤተክርስቲያና ኣበው ዘምሃርዎ ምሳሌታት ናይ ዝተወሰኑ ንርአ።

### 1 ናይ ሰብ ተፈጥሮ፥

ናይ ሰብ ነፍሲ ናይ ምዝራብ ናይ ምሕሳብ ናይ ምትንፋስ (ህያውነት) ብሰለስተ ክፍልታት ዝተኸፍለ ኩነታት ኣለዎ።

እንሆ ሰብ ለባዊ ኪብሃል ንልቡ ወይ ብዛዕባ ልቡ ምዝራቡ እዩ። ቀጺሉ ከአ ሰብ ነባቢ ኪብሃል ከሎ ንቃሉ ይምልከት፡፡ ሕያው እዩ ኪንብል ከለና ድማ ንእስትንፈሱ ወይ ብዛዐባ እስትንፋሱ ምዝራቡ እዩ። ስለዚ ንሓደ ሰብ እዚኦም ሰለስተ ነገራት ምስተማለእሉ ጸኒዑ ይነብር። ሥላሴ'ውን ኣብ ከም ልቢ ይሓስብ፥ ወለድ ከም ቃል ይዛረብ፡፡ መንፈስ ቅዱስ ከም እስትንፋስ ጸኒዖም ይነብሩ።

ከም ልቢ ኣብ፡ ከም ቃል ወልድ፡ ከም እስትንፋስ መንፈስቅዱስ፡ ይምሰሉ።

## 2. ናይ ጸሓይ ተፈጥሮ ፦

ረቡዕ ብቀዳማይ ሰዓት ለይቲ << እግዚአብሔር ለይቁሙ ብርሃናት በገጸ ሰማይ >> ምስ በለ ጸሓይ ወርሒ ከዋክብቲ ከም ዝተፈጥሩ ሊቀውንቲ ቤተክርስቲያን ይነግሩና።

ጸሓይ ሓደ ክትከውን ከላ ሰለስተ ኣካል ኣለዋ ።

ሀ ክበብ (ዐውድ)   ለ. ብርሃና   ሐ. ሙቐት እዮም።

- ❖ ብክበባ እግዚአብሔር ኣብ
- ❖ ብብርሃና እግዚአብሔር ወልድ
- ❖ ብሙቐታ እግዚአብሔር መንፈስ ቅዱስ ይምሰሉ።

ስለዚ ጸሓይ ከምቲ ሰለስተ ነገራት ስለዘለዋ ሓደ ጸሓይ እምበር ሰለስተ ጸሓይ ከምዘይትብሃል ኩሉሉ እግዚኣብሔር ከኣ ናይ ኣካል ሰለስትነት ስለዘለዎ ሓደ ኣምላኽ ሓደ ፈጣሪ ይብሃል እምበር ሰለስተ ኣማልክት ኣይብሃልን እዩ።

## 3 ናይ ሓዊ ተፈጥሮ

ሓዊ ሓደ ክኸውን ከሎ ሰለስተ ኣካል ኣለዎ።

ሀ ኣካሉ ወይ ፍሕሙ   ለ ብርሃኑ   ሐ ሙቐቱ እዮም

- ❖ ከም ፍሕሙ ኣብ
- ❖ ከም ብርሃኑ ወልድ
- ❖ ከም ሙቀቱ መንፈስ ቅዱስ ይምሰል፡፡

## ብዛዕባ ምሥጢረ ሥላሴ መገናዘቢ ጥቕስታት

| ብሉይ ኪዳን | ሓዲሽ ኪዳን |
|---|---|
| ❖ **ዘፍ** 3፥-22 | ❖ **ማቴ** 3፥16። 16-6፡ 17፥-5። |
| ❖ **ዘፍ** 11፥-6-7 | ❖ **ማቴ** 22፥-44 28፥-19-20። |
| ❖ **ዘሁል** 6፥-24-26 | ❖ **ሉቃ** 3፥-22። |
| ❖ **መዝ** 118፥-16-17 | ❖ **ዮሓ** 14፥-15-17፡ 15-26። |
| ❖ **ኢሳ** 6፥-3 | ❖ **ግ.ሓዋ** 7፥-55-56። |
| | ❖ 2**ይ ቆረ** 13፥-13። |
| | ❖ **ራእይ** 14፥-1-2። |

❖ ❖ ❖

# 3. ምሥጢረ ሥጋዌ

*ሥጋዌ* ተሥገወ ካብ ዝብልናይ ግእዝ ግስ ዝወጸ ክኸውን ከሎ (*ሥጋ ምውሳድ*) ሰብ ምዃን ማለት እዩ። ምሥጢረ ሥጋዌ ካብ ሰለስተ ኣካለት ሓደ እግዚአብሔር ወልድ ሰብ ናይ ምዃኑ ምሥጢረ እዩ። ሰብ ኮይኑ ማለት ከኣ ናይ ሰብ ባህርያት ነፍስን ሥጋን ነቲ ረቂቅ ባህርይኡ ተዋሂዱ ማለት እዩ።

**ኣምላኽ ንምንታይ ሰብ ኮይኑ**

❖ እግዚአብሔር ንኣዳምን ሄዋንን ንምድሓን ቃል ኪዳን ብዝኣተወሎም መሰረት ቃልኪዳን ንምሕላው ኣምላኽ ሰብ ኮይኑ። **1ይ ተሰ** 5÷9፡-10 **ገላ** 4÷-4።

❖ ኣብ መጨረሻ ኩሉ ኣማሊኡ ብኣርኣይኡን ኣምሳሊኡን ንዝፈጠሮ ሰብ ፍጹም ዝኾኑ ፍቕሩ ብገሃድ ንምርኣይ ኣምላኽ ሰብ ኮነ። **ዮሓ** 3÷-16።

❖ ምድሪ ንጽቡቕ ነገር ተፈጢራ ኸላ ሰብ ብዝገበሮ ሓጥያት ብምርጋማ ብቅዱሳን ኣእጋሩ ዘይሩ ክቅድሳ ብደሙ ምፍሳስ ከንጽሃ ኣምላኽ ሰብ ኮነ። **ዘፍ**3÷17 **ኢሳ** 45÷18።

❖ ሰብ ኣምላኽ ምህላው እንተኣመነ ዋላ ረቂቅን መንፈሳዊ ኣካል ዘለዎ እምበር ዝርኣይ ግዙፍ ክምዘለዎ ስለዘይኣምን ኣካላዊነቱ ንኽረድኦ።

❖ ሰብ ኣብ ምድሪ ከላ ዝቃወም ዘየለ ስለዝኾነ ኣብ ልቡ ትዕቢት ብምሕዳር ኣምላኽ እየ ከይብል ኩሉ ዝፈጠር ኣምላኽ ምህላው ንኽረድ እዩ።

❖ ዲያብሎስ ንኣዳምን ሄዋንን ብከይሲ( ተመን) ኣብ ልእሊኡ ብምሕዳር ከምዘስሓቶም እሱውን ኣብ ናይ ሰብ ኣካል ሓዲሩ ንኽድሕኖም።

**ናይ ኣምላኽ ሰብ ምዃኑ (ምውላዱ)**

ካብ ቅድስቲ ድንግል ማርያም ክውለድ ከሎ ማህተመ ድንግልንኣ ከይተለወጠ እዩ በዚ'ውን ድንግል እንዳተባህለት ትነብር፥፥

ካብ ጊዜ ጽንሰቱ ጀሚሩ ናይ ሰውነቱ ጠባይ ኣይተለወጠን 9 ወርሕን 5 መዓልትን ክኾኖ ከሎ ተወሊዱ ኣብ እዋን ልደቱ ኣዲኡ ኣይተጻዕረትን ናይ ኣዴና ቅድስት ድንግል ማርያም ንኣምላኽ ብድንግልና ምውላዳ ካብ ካልኦት ኣንስቲ ጸኒስካ ምውላዳ ይፍለ እዩ። ምኽንያቱ ብድንግልና ስለዝወለደትን ምስ ወለደትውን ብድንግልና ስለዝነበረትን ወትረ ድንግል ስለዝኾነት እዩ ከምኡ ኸኣ ካብ ልማደ ኣንስቲ ነጻ ስለዝኾነት።

## ምሥጢረ ተዋህዶ

*ተዋህዶ፦ መለኮት ምስ ሥጋ ሥጋ ምስ መለኮት ምውሃድ ማለት እዩ። መለኮታዊ አካል ምስ ሥጋዊ አካል መለኮታዊ ባህርይ ምስ ሥጋዊ ባህርይ ተዋሂዱ ሓደ ኮነ። አምላኽ ሰብ ሰብ አምላኽ ኮነ ማለት እዩ።*

❖ ብተዋህዶ ምንታዌ ( መንታነት) ጠፊኡ ካብ ክልተ አካል ሓደ አካል ካብ ክልተ ባህርይ ሓደ ባህርይ ኮነ። ወልደ ኣብ ወልደ ማርያም ብተዋህዶ ከቢሩ ኢልና ምእማን እዩ። ተዋህዶ ማለት አምላኽ ሰብ፥ ሰብ አምላኽ ኮነ ኢልካ ምእማን ማለት እዩ።

## ተዋህዶ ከመይ?

### ተዋህዶ እንበለ ውላጤ (ብዘይምልዋጥ) እዩ

- ❖ ኣብነት፦ ሰይቲ ሎጥ ናይ ጨው ዓንዲ ከምዝኾነት **ዘፍ** 19፥-26
- ❖ ኣብ ቃና ዘገሊላ እቲ ማይ ናብ ወይኒ ምልዋጡ **ዮሓ** 2፥-1-11
- ❖ ናይ ሙሴ በትሪ ናብ ተመን ከምተለወጠ **ዘጸ** 7፥-8-13

ናይ አምላኽ ሰብ ምኻን ምሥጢር ግና ብምልዋጥ አይኮነን ስለዚ መለኮት ሰብ ክኸውን ከሎ መለኮትነቱ ኣይተለወጠን ወይ ሥጋ ኣይለወጦን ብፍጹም ተዋህዶ ጺኒዑ እምበር።

### ተዋህዶ እንበለ ህድረት( ብዘይምሕዳር) እዩ

ኣብነት ከምዳዊትን ማህደሩን ከምሰይፍን ሰፈሩን ማለት ማህደር ናይ ዳዊት መህደሪ ከምዝኾነ ሰይፍን ኣብ ሰፍር መሕደሪኡ ከምዝሓደር ዘይኮነ ከም ሥጋን ነፍስን ተዋህዶ እዩ እምበር።

### ተዋህዶ እንበለ ቱሳኤ (ብዘይምትሕውዋስ)

ቱሳኤ ማለት ምትሕውዋስ እዩ። እዚ ድማ ከም መዓርን ማይን ጸባን ቡንን ክትሓዋወሱ ከለዉ ስም ማእከላዊ መልክዕን ጣዕምን ይሕዙ። ተዋህዶ እንበለ ቱሳኤ ክንብል ከለና ከም መዓ ርን ማይን ቡንን ጸባን ምትሕዋስ ዘይኮነስ መለኮት ባህርይ ከይተወራረሰ ከም ነፍስን ሥጋን ሓደ አካል ሓደ ባህርይ ብምኻን ሥጋ ተዋህዶ እምበር።

ኣብነት፦ ሙሴ ዝረኣያ ሓመልማል ዕጽ

### ተዋህዶ እምበለ ትድምርት( ብዘይምድርራብ) እዩ

ትድምርት ማለት ምድራብ ወይ ምድማር ማለት እዩ። እዚውን ከም ልብሲ (ክዳን) ከም እንጀራ ማለት ክዳን እንትደረብካዮ ይድረብ እንተነጸልካዮ ይንጸል ከምእውን እንጀራ። መለኮት ምስ ሥጋ ሓደ ዝኾነ ግና ብዘይምድራብ እዩ (እንበለ ትድምርት) እዚ'ኸአ ብተዋህዶ እዩ ማለት እዩ። ብዘይምርመር ምሥጢር ካብ ክልተ አካል ካብ ሓደ አካል፥ ካብ ክልተ ባህርይ ሓደ ባህርይ ኮይኑ።

### ተዋህዶ እንበለ ቡዓዴ

ቡዓዴ ማለት ምፍልላይ ማለት እዩ ሓደ ነገር ገጣጢምካ ዳሕራይ ምፍላይ ማለት እዩ። ንኣብነት ሃናጺ መንበር ክሰርሕ እንድሕር ደልዩ ይገጣጥሞ ስሪሑ ምስ ወደአ ፈልዩ የቐምጦ።

ናይ መለኮትን ሥጋን ተዋህዶ ብዘይምፍልላይ ፈላሊኻ እዚ መለኮት'ዩ እዚ ሥጋ እዩ ክበሃል ኣይከኣልን እዩ። ከም ሓውን ሓጺንን ፍጹም ተዋህዶ ስለዝኾነ ምፍልላይ (ምንጽጻል) ኣይከኣልን ። **"ቃል ሥጋ ኮነ ጸጋን ሓቅን መልእዎ ከአ ኣባና ሓደረ። " ዮሓ** 1÷-1-3 ዝብል ኣዘራርባ ዘረጋግጸልና ቃል ብተዋህዶ ምግላጹ እዩ ።

## ናይ ተዋህዶ ምሳሌታት

- *ሓመልማል ዕጽ **ዘጸ** 3÷-2*
- *ኢሳይያስ ካብ ለምጺ ዝነጽሃላ ፍሕሚ **ኢሳ** 6÷-6*
- *ናይ ሓጺንን ሓዊን ውህደት*

## *ብምሥጢረ ሥጋዌ እንታይ ተጌሩ*

- *ብምሥጢረ ሥጋዌ* ምስ እግዚአብሔር ሓደ ኲይናና። **ማቴ** 27÷-51 **ኢሳ** 7÷-14**ዮሓ** 17÷-2
- ሰይጣን ተሳዒሩ። **ዮሓ**.14÷-30፡ 1**ይቆሬ**.15÷-55-56፡ **ቆላ** 2÷-15።
- *ብምሥጢረ ሥጋዌ* ካሕሳ ተኸፊሉ
- ክፍኣትን ስቃይን ተወጊዱ **ቆላ** 3÷-9-10፡ **ፊሊ**.1÷-28-30፡ 1**ይጴጥ**.2÷-22-25።

<u>**እግዚአብሔር ወልድ ሰብ ከምዝኾውን ዝተነግሩ ትንቢታት**</u>

- **ዘፍ** 49÷-10 << **እቲ ዚገዝእ ክሳዕ ዝመጽእ ህዝብታትውን ክሳብ ዚግዝእዎ በትረ መንግስቲ ካብ ይሁዳ ዘንጊ ገዛእ ከአ ካብ ማይ ቤቱ ኣየልግስን እዩ።** >>
- **ዘሁ** 24÷-17 << **ቀረባ ኣይኮነን እምበር እርእይ ኣለኹ ካብ ያዕቆብ ኾኸብ ኪወጽእ ካብ እስራኤል ከአ በትሪ መንግስቲ ክትትልእ እያ።** >>
- **ኢሳ** 7÷-14 << **እነሆ ድንግል ክትጠንስ ወዲ ከአ ክትወልድ እያ ስሙውን ኣማኑኤል ኢላ ክትሰምዮ እያ።** >>
- **ሚኪያ** 5÷-2 <<**ንስኺ ካብተን ኣብ ይሁዳ ዘለዋ ከተማታት ዝነኣስኪ ኢኺ ትውልዱ ካብ ጥንቲ ካብ ዘልዓለም ዝኾነ ኣብ እስራኤል ገዛእ ክኸውን ዘለዎ ካባኺ ከተንስእ እየ።** >>

❖ ❖ ❖

# 2. ምሥጢር ጥምቀት

**<u>ጥምቀት፦</u>** ኣጥመቀ ካብ ዝብል ናይ ግእዝ ግሲ ዝተረኸበ ክኸውን ከሎ ምጥላቕ ምጥሓል ኣብ ውሽጢ ማይ ብስመ ሥላሴ ምጥላቕ ማለት እዩ።

ጥምቀት ናይ ሥላሴ ውልድነት ዝወሃበሉን ናይ ሓጥኣት ሥርየት ዝርከበሉ ምሥጢረ እዩ ።

## ናይ ጥምቀት ኣድላይነት( ጥቕሚ)

- ብጥምቀት ንድሕን ። **ማር**.16፥-16።
- ብጥምቀት ካብ መንፈስ ቅዱስ ዳግማይ ንውለድ። መጀመሪያ ሥጋዊ ልደት እዩ ካልኣይ ድማ ብጥምቀት ዝርከብ መንፈሳዊ ልደት እዩ። **ዮሓ**.3፥-3፡ **ቲቶ**.3፥-5፡ **ኤፌ**.5፥-26።
- ብጥምቀት ናይ ሓጥኣት ሥርየት ይርከብ፥፥ **ግ.ሓዋ** 2፥38። **1ይ ቆረ** 6፥-11።
- ብጥምቀት ምስ ክርስቶስ ሓቢርና ንመውት ሓቢርናውን ምስኡ ንትንሥእ። **ሮሜ**.6፥-8። **ሮሜ**.6፥-3-4።
- ብጥምቀት ምስ ጐይታና መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ሓደ ንኸውን ። **ገላ** 3፥-27።
- ብጥምቀት ናይ ቤተክርስቲያን ኣባል ንኸውን ። **ቆላ** 2፥-11-13።

## ናይ ጥምቀት ምሳሌ ኣብ ብሉይ ኪዳን

- ኖህን ቤተሰቡን ብመርከብ ካብ ማይ ኣይሂ ምድሓኖም ናይ ጥምቀት ምሳሌ እዩ። **ዘፍ** 8፥-18፡ **1ይ ጴጥ**.3፥-20-21
- እስራኤልውያን ባህረ ኤርትራ ምስጋሮም ናይ ጥምቀት ምሳሌ እዩ። **1ይቆረ**.10፥-1-2።
- ግዝረት ናይ ሕዝበ እግዚአብሔር ምፍላይ ምልክት ኔሩ። **ዘፍ**17፥-14፡ **ዮሓ** 3፥-3-6። ግዝረት ናይ ጥምቀት ምሳሌ ምኳኑ መጽሓፍ ቅዱስ የረድኣና። **ቆላ** 2፥-10-11።

## ናይ ጥምቀት ኣመሰራርታ

ናይ ምሥጢረ ጥምቀት መስራቲ ጐይታና መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ እዩ። ጐይታና ምሥጢረ ጥምቀት ዝመስረቶ ብስራሕ ብምርኣይ ብቃል ብምእዛዝ እዩ። **ማቴ** 3፥-13-27። **ማር** 11፥-9-11። **ዮሓ** 11፥-31-34።

# ናይ ጕይታና መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ጥምቀት

## ጐይታና መድኃኒና ኢየሱስ ንምንታይ ተጠሚቑ

- ጐይታና መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ብኢድ ዮሓንስ ኣብ ባሕረ ዮርዳኖስ ዝተጠመቀ ከም ሥርዓት ኣይሁድ ንምንጻህ ከም ዮሓንስ ጥምቀት ካብ ማእሰርቲ ሓጥያት ንምንጻህ ኣይኮነን።
- ንኣብነት ንሱ ተጠሚቑ እስኻትኩም ተጠመቑ ንምባል ኣርኣያ ንምኧን እዩ። **ዮሓ** 13፥-12-19።
- ኣብ ብሉይ ኪዳን ተሰዊሩ ዝነበረ ሓድነት ሰለስትነት ንምግላጽ እዩ። **ማቴ** 3፥-16-17።
- ጸላኢና ዲያቢሎስ ኣብ ባሕረ ዮርዳኖስ ዝደርበዮ ናይ ዕዳ ደብዳቤና ንምድምሳስ። **ቆላ** 2፥-14-15
- ትሕትና ንምምሃር። **ማቴ**.3፥-15።
- ሓደነቱን ሰለስትነትን ንምግላጽ። ማቴ.3፥-16።

## ጐይታና ንምንታይ ኣብ 30 ዘመኑ ተጠሚቑ

- ብናይ ኦሪት ሕጊ መሰረት ንክህነት ኣገልግሎት ምምራጽ ዝከኣል ኣብ 30 ዘመን ከምዝነበረ ኩሉ ንሱውን ናይ ሊቀ ካህናት ተግባር ናይ መምህርነቱን ናይ ምድሓን ስርሑን ኣብ 30 ዘመኑ ብጥምቀት ጀሚርዎ። **ዘሁ** 4፥-23፡ **ዘሁ**.4፥-1-3 **ዘሁ**፡-46፥-48።
- ኣዳም ብ30 ዘመን ዝሰኣኖ ውልድነት ንምምላስ።
- ሥልጣን ክህነት (ቅስና) ኣብ 30 ዘመን ከምዝወሃብ ንምጽናዕ።

## <u>ጐይታና ንምንታይ ኣብ ዮርዳኖስ ተጠሚቑ</u>

- ኣቐዲሙ ዝተነግረ ትንቢት ክፍጸም ምእንቲ። **መዝ** 114፥-3-7።
- ዝተመሰለ ምሳሌ ኣማናዊ ንምግባር ኣብርሃም ናይ ሰዶም ነገስታት ስዒሩ ባህረ ዮርዳኖስ ተሳጊሩ ንመልከጸዴቅ ረኺቡ ህብስት ኣኩቴትን ጽዋእ በረከት ምርካቡ። **ማቴ** 14፥-17፡ **እብ** 7፥1-10፡
- እስራኤል ንዮርዳኖስ ተሳጊሮም ምድረ ርስቲ ምእታዎም። **ኢያሱ** 3፥-14-17፡ **ኢያሱ** 4፥-15-18፡
- ኤልያስ ብሄረ ህያዋን ዝዓረገ ንዮርዳኖስ ተሳጊሩ ምኺኑ። **2ይነገ**. 2፥-8-14።
- ንእማን ባህረ ዮርዳኖስ ተጠሚቑ ምፍዋሱ። **2ይ ነገ** 5፥-14።
- ኢዮብ ኣብ ባህረ ዮርዳኖስ ተጠሚቑ ካብ ደዌኡ ምድሓኑ።

❖ ናይ ዕዳ ደብዳቤና ንኽድምስሰልና **ቆላ**.2÷-14 ነቲ ብሕጋጋት ዚቃወመናን ዚበኣሰናን ዝነበረ ብኢድ ዝተጻሕፈ ጽሕፈት ዕዳ ደምሰሶ።

## ጒይታና ንምንታይ ብማይ ተጠሚቑ

ጐይታና ናይ ኩሉ ፈጣሪ ከሎ ብመዓር ብጸባ ወይ ብኻልእ ፈሳሲ ከይተጠመቀ ብማይ ዝተጠመቐሉ ምኽንያት ኔርዎ፥፥ እዚኦም ዝስዕቡ እዮም።

❖ ኣብ ዘመነ ኖህ ኩሉ ፍጥረት ብማይ ጠፊኡ ስለዝነበረ ሰባት ማይ ንጥፋት እምበር ንምሕረት ኣይተፈጥረን ይብሉ ስለዝነበሩ ንምሕረት ከምተፈጥረ ንምርኣይ።

❖ ማይ ኣብ ኩሉ ቦታ ንኹሉ ሰብ ዝተዋህበ እዩ ጥምቀት ከኣ ንኩሉ ናይ ሰብ ዘርኢ ዝተዋህበ እዩ።

❖ ማይ ኣብ ኣትክልቲ እንተፈሲሱ የለምልም ንሱ'ኹም'ውን ብማይ እንተተጠሚቁም ልምላሜ ሥጋን ነፍስን ትረኽቡ ኢኹም ክብል እዩ።

❖ ማይ ርስሓት የጽሪ ብማይ ክንጥመቅ ከለና ናይ ነፍስ ንጽህና ከምንረክብ ንምግላጽ እዩ።

❖ ማይ መልክዕ የርእይ ከምኡ ከኣ ብጥምቀት ናይ ሥላሴ ምሥጢር ብዓይነ ሕሊናና ንርኢ ንምባል እዩ።

❖ ማይ ንሓዊ የጥፍእ ንስኹም እንተተጠሚቅኩም ካብ ገሃነም እሳት ክትድሕኑ ኢኹ ክብል እዩ።

❖ ማይ ናይ ሂወት ምልክት እዩ። **መዝ** 1÷-3፡ **ዮሓ** 4÷-14፡ **እብ**.10÷-22፡ **ራእይ** 21÷-6፡ **ራእይ** 22÷-1።

❖ ብነብዩ ህዝቅኤል ዝተነገረ ትንቢት ክፍጸም ምእንቲ። **ሕዝ** 3÷-25።

## ናይ ክርስቲያን ጥምቀት

ሰብ ካብ ማይን ካብ መንፈስ ቅዱስን ከይተወልደ ናይ እግዚአብሔር መንግስቲ ኣይወርስን እዩ፥፥ ከምዝተባህለ ናይ እግዚአብሔር መንግስቲ ንምውራስ እምነትና ንምጽናዕ ካብ ሥላሴ ውልድነት ንምርካብ ካብ ማኅጸነ ዮርዳኖስ ካብ ኣብራክ መንፈስ ቅዱስ ብጥምቀት ንውለድ፥ **ዮሓ** 3÷-5 **ማቴ** 28÷-19።

ጥምቀት ዝፍጸም ብመጀመርታ ኣብ ቤተክርስቲያን ብዝኽመቸ ( ብዝተጸልየሉ) ማይ ብኣብ ብወልድ ብመንፈስ ቅዱስ ስም ኣጥማቂ ኣብ ዝተረኽበሉ ካብ ጸጉሪ ርእሲ ክሳብ ጽፍሪ እግሪ ብምጥላቅ እዩ። **ሮሜ**.8÷-12 ብኣጠቓላሊ ንጥምቀት ኣድለይቲ ነገራት ንብሎም እዞም ዝስዕቡ እዮም።

❖ ናይ ተጠማቓይ ሃይማኖት። **ማር** 16÷-16፡ **ግ.ሓዋ**.2÷-37። **ግ.ሓዋ** 8÷-37።

❖ ኣጥማቒ ካህን ከጠምቑ ዝግብኦም ካህናት ጥራሕ እዮም። **ማር** 28÷-19።

❖ ብማይ ምጥማቅ። **ዮሓ** 3÷-5። **ግ.ሓዋ** 8÷-38 **ኤፌ** 5÷-26 **ህዝ** 36÷-25።

## ንጥምቀት ዝተወሰነ ዕድሜ

ብኦርቶዶክስ ተዋህዶ ንጥምቀት ዝተወሰነ ናይ ዕድመ ገደብ የለን ኮይኑ ወዲ ተባዕታይ ኣብ ዝተወልደሉ ኣብ 40 መዓልቲ ጓል ኣንስተይቲ ኣብ ዝተወልደትሉ ኣብ 80 መዓልቲ ተጠምቐም፥ ህጻናት ክጥመቑ ዝግበር መጽሓፍ ቅዱስ መሰረት ብምግባር እዩ።

❖ ኣዳምን ሄዋንን ምስ ተፈጥሩ ኣዳም 40 ሄዋን 80 መዓልቲ ናብ ገነት ስለዝኣተዉ። **ኩፋ**.4፥-9።

❖ ናይ ጥምቀት(ምሳሌ) ኣብነት ዝኾነ ግዝረት እንኮላይ ንህጻናት ኔሩ። **ሉቃ** 2፥-21 **ዘፍ** 17፥-12

❖ ተስፋ ድህነት ዝተዋህበ ንዓበይቲ( ሽማግለታት) ጥራሕ ዘይኮነ እንኮላይ ንህጻናት ስለዝኾነ ህጻናት ንእግዚኣብሔር መንግስቲ ድልዋት ክኾኑ ተጠምቐም።

❖ ብናይ ወለዶም እምነት ህጻናት ምጥማቐም መጽሓፍ ቅዱስ የረድኣና እዩ።
ቅዱስ ጳውሎስ ንእስቲፋኖስን ምስ ቤተሰቡ። **1ይ ቆሮ**.1፥-16።
ንሊዲያ ምሰ ኩሎም ቤተሰባ። ***ግ.ሓዋ*** 16፥-15።
ናይ ቤት ማእሰርቲ ሓላዊ ምስ ቤተሰቡ **ግ.ሓዋ** 16፥-31-33 ምስ ቤተሰቦም ከምተጠምቑ ንርኢ።

## ጥምቀት ሓንቲ እያ

ጥምቀት ዘይትድገም ዘይትኽለስ ሓንቲ እያ። ቅዱስ ውልድነትን ንረኽበላ ጥምቀት ሓንቲ ምኳና ከምህር ከሎ ሓደ ጐይታና መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ሓንቲ እምነት ሓንቲ ጥምቀት ኣላ። **ኤፌ**.4፥-5። ኢሉ እዩ። ሃይማኖቶም ዝቀንዐ ፫፻፲፰ ሊቃውንቲ (ወንኦምን ብኣሓቲ ጥምቀት ለሥርየተ ሓጢያት) ሓጢያት ብዝስረየላ ብሓንቲ ጥምቀት ንኣምን ኢሎም ኣሚሂሮም እዮም። ሊቃውንቲ ኣቦታትና ካብዚ ብምብጋስ'ውን ኦርቶዶክሳዊት ተወህዶ ቤተክርስቲያና ሓደ ጊዜ ዘጠመቐቶ ድጋሚ ኣይተጠምቕን እያ።

## ጥምቀት ዘይድገመሉ ምኽንያት

ጥምቀት ካብ እግዚኣብሔር ዳግም ንውለደሉ ምሥጢረ እዩ ። ናይ ሥጋ ልደት ክንርኢ ከለና ሰብ ካብ ማህጸን ኣዲኡ ዝወጽእ ( ዝውለድ ) ሓደ ግዜ ጥራሕ እዩ ። ካብ መንፈሳዊ ኣቦና ንውለዶ መንፈሳዊ ልደትና ሓደ ጥራሕ ስለዝኾነ ስለዚ ሓደ ጊዜ ንጥመቕ። **ዮሓ** 3፥-6-8 ።

ጥምቀት ምስ ጐይታና መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ሞትን ትንሣኤን ተሳታፊ ንኾነሉ ምሥጢረ እዩ። ክርስቶስ ዝሞተን ዝተንሥአን ሓደ ጊዜ ጥራሕ እዩ፥፥ ከምኡ ከኣ ንሕና ምስኡ ንቅበርን ንትሥእን ሓደ ጊዜ ጥራሕ እዩ። **ቆላ** 2፥-12 **ሮሜ** 6፥-34።

ናይ ጥምቀት ኣብነት( ምሳሌ) ዝኾነ ግዝረት ሓደ ጊዜ ጥራሕ ከም ዝፈጸም ጥምቀትውን ሓደ ጊዜ ጥራሕ ይፍጸም። **ቆላ** .2፥-11-13።

❖ ❖ ❖

# 4. ምሥጢረ ቁርባን

**<u>ቁርባን፥-</u>** *ቃሉ ናይ ሱርሰትን ዓረብን ክኸውን ከሎ ትርጉሙ ኸኣ መንፈሳዊ ኣምሃ መሥዋእት መባእ ንኣምላኽ ዝቀርብ ዝወሃብ መባእ ማለት እዩ።*

*ምሥጢረ ቁርባን ማለት ካህን ነቲ ሕብስቲ ጸሕል ነቲ ወይኒ ኣብ ጽዋእ ጌሩ ብጸሎተ ቅዳሴ (ባሪኹ) ኣብ ዝባረኸሉ እዋን ህብስቲ ተለዊጡ ደመ መለኮት ዝኾነሉ ንሕናውን ናይ ዘልዓለም ሂወትን ንምርካብ እዚ ናይ ክርስቶስ ሥጋን ደምን ንቅበለሉ ዓቢ ሚስጢር እዩ።*

## በብሉይ ኪዳን ናይ ምሥጢረ ቁርባን ምሳሌ

*ካህኑ ናይ ሳሌም ንጉስ መልከጼጽቅ ኣብርሃም ነገስተ ኮሎዶ ጎመርን ምስኡ ዝነበሩ ካልኦት ነገስታት ሲዒሩ ክምለስ ከሎ ሒዙ ዝተቀበሎ ህብስትን ጽዋእን( ወይኒ) ናይ ኣማናዊ ናይ ሓድሽ ኪዳን ቁርባን ኣብነት እዩ።* **ዘፍ** 14፥-18-20 **እብ** 5፥-6-10 **እብ** 7፥-1 **እብ** 3፥-7።

- ❖ *ናይ መልከጼዴቅ ህብስተ ኣኮቴት ጽዋእ በረከት ናይ ሥጋ ወደሙ ምሳሌ( ኣብነት) እዩ።*
- ❖ *መልከ ጼድቅ ድማ ናይ ልዑለ ባህርይ ጐይታና መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ምሳሌ እዩ።*
- ❖ *ኣብርሃም ናይ ምእመን ምሳሌ እዩ።*

*እስራኤል ካብ ምድሪ ግብጺ ካብ ባርነት ክወጹ ከለው ዝገበርዎ በዓል ፋሲካ* **ዘጸ**.12፥-1-25። **ግ. ሓዋ**.1፥-29። **እብ**.10፥-26። **እብ**.9፥-11።

*ንእስራኤል ኣብ ምድረ በዳ ካብ ደመና ዝወረደሎም መና ናይ ጐይታና ሥጋን ደምን ምሳሌ ክኸውን ከሎ መና ዝተረኸበላ ደመና ድማ ጐይታ ካብ ሥግኣ ሥጋ ካብ ነፍሳ ነፍሲ ወሲዱ ሰብ ዝኾነላ ናይ ኣዴና ቅድስት ድንግል ማርያም ምሳሌ እዩ።*

## ናይ ብሉይ ኪዳን ቁርባን ዝህቦ ጥቕሚ

*ድኅነተ ሥጋ ንምንጻህ ይህብ ኔሩ ናይ ሥጋ በረከት የውህብ ኔሩ፥፥ ጊዜያዊ ዕርቂ ይህብ ኔሩ።*

## ኣብ ብሉይ ኪዳን ቁርባን ዘቕረቡ ኣበው

**ኣዳም፥-** ብዘቅረቦ ቁርባን (መስዋእቲ) ድሕሪ 5500 **ዓመት** ከድሕነካ እየ ዝብል ተስፉ ረኺቡ ። **ገላ** 4፥-3-7።

**ኖህ፥-** ብዘቅረቦ ቁርባን (መስዋእቲ) ንምድሪ ዳግማይ ብማይ ኣይሂ ከምዘይጥፍእ ብቀስተ ደመና ዝጸንዐ ቃል ኪዳን ተቀቢሉ። **ዘፍ** 20፥-22 **ዘፍ** 9፥-8-17

**ኣብርሃም፥-** ብዘቅረቦ ቁርባን (መስዋእቲ) ብዘርእኻ ኣህዛብ ክባረኹ እዮም ዝብል ተስፉ ረኺቡ። **ዘፍ** 18፥-3-18።

**መልከጼድቅ፦** ብዘቅረቦ ቁርባን ክህነቱ ዘልዓለማዊ ምኻኑ ተነጊርዎ እዩ።

**ዳዊት፦** ብዘቅረቦ ቁርባን ካብ ኣብራኽካ ዝውለድ ወድኻ ኣብ ዙፋንካ ክነግስ እዩ ተባሂሉ እዩ። **መዝ** 131፥-12።

## ሚስጢረ ቁርባን መዓስ ተጀሚሩ

መስዋእት ኦሪት ሓሊፉ መሥዋእት ሓዲስ ብምትካእ ምሥጢረ ቁርባን ዝተጀመረ ኣብ ምሴቴ ሓሙስ እዩ። ሓሙስ ምሸት ኣብ ቤት ኣልኣዛር ንስርዓተ ቁርባን መስሪቱ፥፥ ኪበልዑ ከለው ጐይታና መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ እንጌራ ኣልዓለ ኣመስጊኑ ቆሪሱ፥ ነቶም ደቀ መዛሙርቱ እዚ ሥጋይ እዩ፥ እንኩ ብልዑ እናበለ ሃቦም። ጽዋዕ ኣልዒሉ ድማ ኣመስጊኑ እዚ ምእንቲ ብዙሓት ንኅድገት ሓጢያት ዝፈስስ ዘሎ ናይ ሓዲሽ ኪዳን ደመይ እዩ እሞ ካብዚ ኩሉኹም ስተዩ እናበለ ሃቦም። **ማቴ** 26፥-26-29።

## ናይ ሚስጢረ ቁርባን ጥቅሚ ( ኣገልግሎት)

- ❖ ብምሥጢረ ቁርባን ናይ ዘልዓለም ሂወት ንረክብ ። **ዮሓ** 6፥-54።
- ❖ ጨናፍር ካብ ጉንዲ ስጋብ ዘይተፈለየ ሂወት ከምዝህልዎ ኩሉ ክርስቲያናት'ውን ናይ ወይኒ ጉንዲ ዝኾነ ካብ ጐይታና መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ዘይምፍላይና ብሂወት ምንባርና ንሓጥያት ዘይሙማትና ነረጋግጽ። **ዮሓ** 6፥-53።
- ❖ ብዕለት ዓርቢ ጐይታና መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ መልዕልተ መስቀል ኮይኑ ዝቆረሶ ቅዱስ ሥግኡን ክቡር ደሙን ንቅበል።
- ❖ ብመንፈሳዊ ፍልጠት ንዓብየሉን ብጸግኡ ንጽገወሉን ናይ ሂወት መግቢ ንረክብ። **ዮሓ** 6፥-35-55።
- ❖ ሥርየተ ሓጢያት ንረኽበሉ። **ማቴ** 26፥-27።
- ❖ ጐይታናን ኣምላኽናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርሰቶስ ኣብ ውሽጢ ሂወትና ይነብር።**ማቴ** 26፥-27።
- ❖ ምስ ጐይታና ዘለና ተዋህዶ ከሙኡ`ሽኣ ምስ ቅዱሳን ዘለና ሓድነት ነረጋግጽ። **1ይቆረ**.10፥-17።

## ቅዱስ ቁርባን ብስርናይን ብወይን ዝኾነሉ ምኽንያት እንታይ እዩ

ካብ ኣዝርእቲ ኹሉ ስርናይ ካብ ፍረታት ድማ ወይኒ ንጐይታ ምኻኑ ምኽንያት ኔርዎ።

**ኣብነት ክፍጸም ምእንቲ፥** መልከጼድቅ ወይንን ስርናይን ይስውእ ኔሩ። **ዘፍ** 14፥-18 **እብ** 7፥-1-3 እዚ ኸኣ ናይ ሥጋ ወደሙ (ቁርባን) ኣብነት እዩ።

ትንቢቱ ክፍጸም እቲ ንስኻ ኣብ ልበይ ዘንበርካዮ ሓጐስ ግና ካብቲ እቶም እኽሎምን ወይኖምን ምስበዝሐ ዚሕጐስዎ ኣዝዩ ዓዘዘ። **መዝ** 4፥-7።

ምሥጢረ ስለዘለዎ እዩ፥፥ እዚ ኸኣ ስርናይ ስብሐ ንሥጋ ይመስል ወይኒ ድማ ንትኩስ ደም ይመስል። ስለዚ ብዝመስል ነገር ምሃቡ እዩ።፥

### ቅዱስ ቁርባን ዝብላዕን ዝስተን ዝኾነሉ ምኽንያት እንታይ እዩ

*ጐይታና መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ሥግኡን ደሙን ብወርቅን ብሩርን ዘይኮነ ብዝብላዕን ዝስተን ዝገበረሉ ምኽንያት ኣለዎ።*

*መግብን መስተን ምስ ሰውነት ይውሃድ እዩ ወርቅን ብሩርን ግና ኣይወሃድን እዩ። ስለዚ ኣብ ሰውነት ከምዝወሃድ ንኽረድኦ እዩ።*
*ንሰብ ጠምዩ ከሎ ወርቅን ብሩርን ካብ ዝህቦ ንጥሜቱ መግቢ ንጽምኡ ማይ ዝሃቦ ከምዝፈትዎ እፈትወኩም እዩ። ትፈትዉኒ ዲኹም ንኽብል ሥግኡን ደሙን ብመግብን ብመስተን ጌርዎ።*

### ናይ ቅዱሳን ኣቦታት ምስክርነት

*ንዓለም ኩሉ ሂወት ንምኽን ኣብ ቀራዮን ከምተሰውአ ንድሕነትና ንስውኦ እዚ'ዩ እዚ ህብስቲ ዝበሰለ ዝደረቀ ዝድህሰስ ዝትንከፍ ኮይኑ ከምትርእይዎ ምድራዊ ኅብስት ዘይጠቀም ከንቱ ኣይኮነን ናይ ሓጥያት እሾኽ ዚቃጽል መለኮት እዩ እምበር ንሓጥያትና ዘጥፍእ ዝብላዕ እዩ ንሓጥያትና ዘቃጽል ውዑይ እዩ። ቅዱስ ዮሓንስ ኣፈ.ወርቂ (ቅዳሴ ዮውሓንሰ ኣፈወርቂ) ናይ (ቅዱሳን ኣቦታት ምስክርነት)*

❖ ❖ ❖

# 5. *ምሥጢረ ትንሣኤ ሙታን*

*ትንሣኤ ሙታን፦ ነፍስን ሥጋን ተፈላልዮም ድሕሪ ምንባሮም ዳግማይ ተዋሂዶም ድሕሪ ሞት ብነፍስን ብሥጋን ሂወት ምርካብ ማለት እዩ።*

### ናይ ትንሣኤ ኣመሰራርታ

*ልዑለ ባህርይ ፈጣሪና ኢየሱስ ክርስቶስ ንኣልዛርን ጓል ኢያኣሮስን ካብ ሞት ድሕሪ ምትንሥኡ ሰለስተ መዓልትን ሰለስተ ለይትን ኣብ ከርሰ መቓብር ሓዲሩ መቓብር ክፈቱለይ መግነዝ ፍትሑለይ ከይበለ ካብ ሙታን ቀዲሙ ተስኡ ። ብትንሣኤኡ ትንሣኤና ገሊጹልና ስለዚ ናይ ትንሣኤ ቦኽሪ ናይ ትንሣኤና መስራቲ ንሱ እዩ።* 1**ይቆረ**.15፥-20-24። **ዮሓ** 10፥14-18። **ዮሓ** 19፥-1-30። **ማቴ** 27፥-47-53።

### ናይ ትንሣኤ ሙታን ኣድላይነት

*ካብ ውሽጢ'ቶም* 22 *ስነፍጥረታት ትንሣኤ ሙታን ዘለዎ ሰብ ጥራይ እዩ። ንሰብ ትንሣኤ ሙታን ዘድለየሉ ምክንያት ሰብ ዝተፈጠረ ነፍስን ሥጋን ከይተፈላለየ ብሂወት ንምንባር እዩ እምበር ንሞት ኣይነበረን ። ኮይኑ ግና ብሓጥያት ምኽንያት ኣብ ገዛእርእሱ ሞት ብምምጽኡ ሞት*

ዘይግብኦ ኣምላኽ ሞይቱ ካብ ሓጥያት (ንምድሓን) ፍርዲ ብምድሓን ንሞት ብምጥፋእ ብዝቀደመ ሂወቱ ንኽነብር ንወዲ ሰብ ትንሣኤ ሂብዎ። 1ይ ተሰ13፥-16 ዳን 12፥-2።

## ብዛዕባ ትንሣኤ ሙታን ዝነተነግሩ ትንቢታት

ምሥጢረ ትንሣኤ ሙታን ኣቐዲሙ ብነቢያት ተፈሊጡ ስለዝነበረ ብዛዕባ ትንሣኤ ሙታን ብዙሕ ዝተነግሩ ትንቢታት ኔሮም።

❖ **ኢሳ** 26፥-19 **"ምውታት ሕዝብና ሕያዋን ክኾኑ እዮም ሬሳታቶም ከኣ ኽተንሥኡ እዮም። እቶም ኣብ መቓብር ደቂሶም ዘለው ኪትሥንሱ እዮም ። ዕልል ከኣ ክብሉ እዮም ። ከምቲ ኣውሊ ንምድሪ ኣብ ወጋሕታ ዜረስርሳ እግዚአብሔር ከኣ ነቶም ቀዲሞም ዝሞቱ ሕያዋን ኪገብሮም እዩ። "**

❖ **ዳን** 12፥-2፥- እቶም ዝሞቱ ኪትንሥኡ እዮም ገሊኦም ናብ ናይ ዘልዓለም ሂወት ገሊኦም ከኣ ናብ ሕፍረትን ናብ ናይ ዘልዓለም ነውርን ኪኸዱ እዮም ።

ኣብ ሓድሽ ኪዳንውን ብዛዕባ ትንሣኤ ሙታን ብሰፊሑ ተነጊሩ እዩ።

❖ **ዮሓ** 5፥-28-29 እቶም ኣብ መቓብር ዘለው ኩላቶም ድምጺ ዚሰምዑላ ሰዓት ክትመጽእ እያ እሞ በዚ ኣይትገረሙ ። ሽዑ እቶም ሰናይ ዝገበሩ ናብ ትንሣኤ ሂወት እቶም ክፉእ ዘገበሩ ድማ ናብ ትንሣኤ ኩነኔ ኪኸዱ እዮም ።

## ናይ ምሥጢረ ትንሣኤ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ምሳሌ

- ❖ ብናይ ኣቤል ሞት ሞትና ብሄኖክ ዕርገት ትንሣኤና ተፈሊጡ ። **ዘፍ** 4፥-8 **ዘፍ**5፥-24።
- ❖ ኣቤል ድሕሪ ሙሟቱ ደሙ ምዝራቡ። **ዘፍ** 4፥-10።
- ❖ ኖህ ኣብ ግዜ ማይ ኣይሂ ጊዜ ናብ መርከብ ምእታው ናይ ምቕባርና ምሳሌ ምውጽኡ ኸኣ ናይ ምትንሣእና ምሳሌ እዩ።
- ❖ ኣብርሃም ንይስሓቅ ብሕልንኡ ድሕሪ ምስውኡ ካብ ሞት ምድሓን ናይ ትንሣኤ ምሳሌ እዩ። **ዘፍ**.22።
- ❖ ያዕቆብን ዮሴፍን ኣብ ሙማቶም እዋን ኣዕጽሞቶም ካብ ግብጺ ናብ ከንኣን ንኸወጽእሎም ተዛሪቦም እዮም። ግብጺ ናይ መቓብር ከንኣን ናይ መንግስተ ሰማያት ምሳሌ እያ። ዮሴፍን ያዕቆብን ኣውጺኦሞም ማለት ትንሣኤ ሙታን ንምግላጹ ኢሉ እዩ። **ዘፍ** 47፥-29-31፡ **ዘፍ**.50፥-24።
- ❖ በትረ ኣሮን ኣቀዲማ ብልምላሜ ምንባራ ብሕይወተ ሥጋ ምንባርና ዳሕራይ ምድራቓ ናይ ሙማትና ደጊማውን ምልምላማ ናይ ትንሣኤና ምሳሌ እዩ። **ዘሁ**.17፥-11።

## ናይ ሥነፍጥረት ምሳሌ፥

**<u>ጸሓይ፥-</u>** ብምስራቅ ምውጽኣ ምውላድና ናብ ምዕራብ ምኻዳ ኣብዚ ዓለም ምንባርና ብምዕራብ ናይ ሙማትና ዜይራ ብምስራቅ ምውጽኣ ናይ ትንሣኤ ምሳሌ እዩ።

**ወርሒ፦-** ምውላዳ ምውላድና፥ ምዕባያ ምዕባይና ምጥፍኣ ናይ ሙማትና ዳግማይ ምውላዳ ናይ ትንሣኤና ምሳሌ እዩ።

**እኽሊ፥ ጸጕሪ ፥ ጽፍሪ**

**ናይ ትንሣኤ ሙታን ኣተሳስኣ ከመይ እዩ**

❖ ዝሞትካ ተንስእ ዝብል ኣዋጅ ብሊቀመላእኽት ቅዱስ ሚካኤል ይእወጅ። **1ይ ተሰ**4፥-16።

❖ ናይ መጀመሪያ ረቂቕ ነጋሪት ምስ ተሃረመ ኣራዊት ዝበልዖ ነፍሲ ዝተፈለዮ ዝጠፍአ ዝደቀቀ ኩሉ ባዕሉ ኣብ ዝፈረሰሉ ቦታ ይእከብ። (ቅዳሴ .ያዕቆብ ዘስሩግ. ቁ 911)

❖ ካልኣይ ረቂቕ ነጋሪት ምስ ተሃረመ ኣዕጽምትን ሥጋን ተዋሂዱም ከይተንቀሳቀሱ ውዑይ በድኒ ይኾኑ። ኣዕጽምትን ጅማትውን ምስ ሥጋን ደምን ሓቢሮም ይትሓሓዙ። ስጋብ ዝትንሥኡ'ውን ከይተንቀሳቀሱ ፍጹም በድኒ ይኾኑ ።

❖ ሳልሰይ ረቂቕ ነጋሪት ምስ ተሃረመ ብኣካል ብትዛረብ ኣንደበት ቁጽሮምን ሰውነቶም ከይጎደለ ወዲ ተባዕታይ ናይ 30 ዓመት ጓል ኣንስተይቲ ናይ 15 ዓመት ኮይኖም ጽቡቅ ኮነ ሕማቅ ስርሖም ሒዞም ይትስኡ። ጐይታ ከምዝተዛረቦ ኣባጊዕ ብየማን ኣጣል ብጸጋም ደው ይብሉ፥፥ **ማቴ** 25፥-31-46።

**ጻድቃን ብበጊዕ ሓጥኣን ብኣጣል ዝተመሰለሉ ንምንታይ እዩ፥፥**

❖ ኣባጊዕ ብዘመነ ኦሪት ንመስዋእቲ ይቀርቡ ኔሮም፥፥ ናይ ጻድቃን ጸሎትውን ብብእዋኑ ናብ እግዚኣብሔር ይበጽሕ። ናይ ኣጣል ግና ንመስዋእቲ ኣይቀርብን ኔሩ እንተቀረበውን ብደገ እምበር ናብ ውሽጢ ኣይኣቱን እዩ ናይ ሓጥኣን ጸሎት ብኸንቱ ውዳሴ ይተርፍ እምበር ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ኣይበጽሕን እዩ።

❖ ኣባጊዕ ኣብ ከበሳ እምበር ኣብ ቆላ ኣይነብሩን እዮም፥ ጻድቃንውን ብመከራ ሥጋ እምበር ብተድላ ብሐጎስ ኣይነብሩን እዮም። ንሥግኦም እንዳሓጎሱ ኣይነብሩን እዮም ማለት እዩ። ኣጣል ግና ኣብ ቆላ እምበር ከበሳ ኣይነብሩን ሓጥኣን ብተድላ ሥጋ እምበር ብመከራ ሥጋ ኣይነብሩን እዮም።

❖ ኣባጊዕ ጓስኦን ኣብ ዝመርሐን ቦታ ረጊኣን ይውዕላ፥ ጻድቃንውን ጓስኦም ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ዝመርሖም( ዘውፈሮም) ብምግባር ብሃይማኖት ጸኒዖም ይነብሩ። ኣጣል ግና ጓስኦን ኣብ ዘወፈረን ቦታ ጸኒዐን ኣይጸንሓን እየን ሓጥኣን ጓስእን ኣብ ዘወፈሮም ብምግባርን ብሃይማኖትን ጸኒዖም ኣይነብሩን እዮም።

❖ ኣባጊዕ ቁሩብ ሳዕሪ እንተረኺበን ተኣኪበን ይበልዓ ብስምምዕ ማለት እዩ። ጻድቃንውን ዘለዎም ዝረኸብዋ ምስ ኣሕዋቶም ብሓባር ተሰማሚዖም ይበልዕዋ ። ኣጣል ግና ካብ ብዙሕ ሰዓሪ ብዙሕ ቆጽሊ እንተረኸቡ ተሰማሚዐን ኣይበልዓን ክዋግኣን ከቑረምርማን ይውዕላ። ሓጥኣን'ውን ዝብላዕ ዝስተን መሊኡ ኸሎ ተሰማሚዖና ኣይንበልዕን ኢሎም ክዋግኡን ክቃተሉን ይውዕሉ፥፥

❖ ናይ ኣባጊዕ ጭራ( ኮልኮል) ዝወረደን ሕፍረተ ስግኦም ዝተሰወረ እዩ። ናይ ጻድቃን ጸሎት ኣብ ቅድሚ ሰብ ስውር እዩ። ሓጥያት እንተሰርሑውን ብንስሓ ካልእ ሰብ ከይሰናኸሎም ንንስሓ ኣብኦም ነጊሮም ቀሊጠፎም የጥፍእዎ። ናይ ኣጣል ጭርአን( ኮልኮልን) ዝተሰቅለን ሕፍረተንውን ዝተጋህደ እዩ፥ ናይ ሓጥኣን ምግባር ንኹሉ ግልጺ እዩ፥፥ ሓጥኣት ኣብ ዝሰርሑሉ እዋን ብንስሓ ነጥፍኦዮ ኣይብሉን እዮም።

❖ ኣባጊዕ ንታሕቲ እምበር ክሳዶም ወጥዊጦም ኣይርእዩን እዮም። ሞትን ገሃነም እሳትን ይሓስቡ እምበር ንሾም ንሽለም ኣይብሉን እዮም። ኣጣል ግና ክሳደን ወጥዊጠን ቀኒዐን እየን ዝርእያ፥ ሓጥኣን ንሾም ንሽለም እምበር ገሃነም እሳት ኣይሓስቡን እዮም ኩሉ ጊዜ ፈላጥ ልዕልነት ይርእዮም።

❖ ካብ ኣባጊዕ ንሓዲኣን ኣራዊት (ወኻርያ) እንተወሰዶ ዝተረፉ ሃዲሞም ናብ በረኻ ይኸዱ ጻድቃን ካብኣቶም ሓደ ብሞት እንድሕር ተፈልዮ ጽባሕ ናታቶም ተርታ ምዃኑ ተረዲኦም ስንቅና ንድለ ኢሎም መኒኖም ግርማ ለይቲ ድምጺ ኣራዊት ጻብኣ ኣጋንንቲ ኪኢሎም ተዓጊሶም ይነብሩ። ኣጣል ግና ካብ ማእከልን ሓደ ብኣራዊት (ወኻርያ) እንተተወሰደ እቶም ዝተረፉ ይሃድሙ ግና ተመሊሶም ከኣ ይእከቡ። ሓጥኣን'ውን ካብ ማእከሎም ሓደ ብሞት እንተተፈልዩ ንጊዜኡ ናይ ሓዘን ልብሲ ይኸደኑ ዳሕራይ እቲ ዝሞተ ካብ ሕልንኦም ምስ ጠፍአ ናይ ዓለም ኩነታት ማሪኺዎም ናብ ሓጥኣቶም ይምለሱ።

**ጻድቃን ብየማን ሓጥኣን ብጸጋም ደው ዝብሉን ንምንታይ እዩ፥፥**

**ጻድቃን ብየማን ደው ዝብሉ ምሳሌ ስለዘለዎ እዩ።**

❖ የማን ፈጣን እዩ፥ ጻድቃን ብምግባርን ብሃይማኖትን ንምትግባር ፈጣናት እዮም።

❖ የማን ብርቱዕ እዩ፥ ጻድቃን ሃይማኖትን ምግባርን ንምስራሕ ብርቱዓት እዮም።

❖ የማን ቅኑዕ እዩ፥ ጻድቃን ሃይማኖት ምግባርን ንምስራሕ ቅኑዓት እዮም።

**ሓጥኣን ብጻጋም ደው ዝብልሉ ምሳሌ**

❖ ጸጋም ሰነፍ እዩ፥ ሓጥኣን ብሃይማኖት ኮነ ብምግባር ብርትዕ ዝበለ ነገር ክገጥሞን ከሎ ደኺምና ሰልቺዩና ኢሎም ይገድፍዎ ።

❖ ጸጋም ቅኑዕ ኣይኮነን። ሓጥኣን ምግባርን ሃይማኖትን ንምትግባር ስኑፋት እዮም በዚ ክብሎም በቲ ይበሉ። ምኽንያት የብዝሑ።

❖ ጸጋም ዕቡይ እዩ። ሓጥኣን ምግባር ሃይማኖት ንምስራሕ ዕቡያት እዮም።

## ትንሣኤ ሙታን መዓስ እዩ ዝኸውን

ጐይታና መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝመጻሉ ጊዜን ዘመኑን ኣይፍለጥን እዩ። ***ማቴ 24፥-44*** መዓልቲ ግና ዓለም ዝተፈጥረትሉ ጐይታና ሰብ ዝኾነሉ ካብ ሞት ዝተስኣሉ ሰንበት እዩ።

## ናይ ጐይታና ኣመጻጽኡ ከመይ እዩ

እልፈ ኣእላፋት መላእኽቲ ኣኽቲሉ ካብ ሰማይ ብበርቂ እንደተኣስረ ብርሃን ካብ ኣጽናፍ ስጋብ ኣጽናፍ መሊኡ ዝተሰቀለሉ መስቀል እንዳብረሀ ዝተወግኡሉ ኩናት ኣትሒዙ ንደሙ እንዳንጠብጥበ ይመጽእ። **ማር** 24፥-31። **ራእ**1፥-7።

ኣመጻጽኡ ከም ቀደም ወዲ ዮሴፍ ተባሂሉ ካብ ኣይሁድ መከራ ንምቅባል መስቀል ንምስካም ኣይኮነን። ምምጽኡ ኣብ ልዕሊ ህያዋንን ሙታንን ክፈርድ እዩ። **መዝ**.50፥-2-3።

### ህያዋንን ሙታንን ዝተባህሉ በዓል መን እዮም

**ህያዋን፥-** ዝብሃሉ ጻድቃን እዮም ጻድቃን ኣብዚኣ ምድሪ ኣብታ መጻኢት ዓለም ህያው ዝገብሮም ሃይማኖት ምግባር ሒዞም ተረኺቦም እዮም።

**ሙታን፥-** ሓጥኣን ሙታን ይብሃሉ ምኽንያቱ ኣብዚኣ ምድሪ ኣብታ መጻኢት ዓለም ሙዉታት ዝኾነሉ ስራሕ ሰሪሖም እዮም።

- ብትንሣኤ ሙታን ናይ ቅዱሳን ዋጋ ብኽንቱ ኣይተርፍን ናይ ሓጥኣን ብናይ ስርሖም ደሞዝውን ኣይሰእኑን እዮም። **ራእ** 22፥-12
- ብትንሣኤ ዘልኣለማዊ ፍርዲ ኣሎ። **ራእ** 1፥-7 **ማቴ** 25፥-31-33 **ራእ** 20፥-12-13 **ዳን** 12፥-2።

ወስብሓት ለእግዚአብሔር
ወለወላዲቱ ድንግል
ወለመስቀሉ ክቡር!